ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ. 47 ዓርቢ 25 ጥቅምቲ 2024 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ጽልዋ ማሕበራዊ ክእለት ኣብ ጥዕና ኣእምሮ



ገጽ 3

"ኣደይ'ያ ጸላዊት ገድላዊ ጠመተይ"

ገጽ 4
ኣብ ማሕበራዊ መራኽቢታት ዝርኣዩ ጸገማት



ገጽ 5
ምልክታት ምብቃዕ እንኮ-ቀጽራዊ ስርዓት


ገጽ 7
ውዕሎ ሓሙሻይ መድረኽ ዙር ዞባ ማእከል


# ዓንሰባ - ርክብ ሚኒስተር ፈውዝያ ምስ ፈታሕቲ ክርክራት

ሚኒስተር ፍትሒ ፈውዝያ ሃሽም፡ ሕጊ ንሕብረተሰብ ከገልግል፣ ሕጊ ዝጥሕስ ከኣ ንሕብረተሰብ ክኽሕስ ስለዝኾነ፡ ተሳታፍነት ሕብረተሰብ ምርግጋጽ ዝሕመረቱ ዕማም ፈታሕቲ ክርክራት፡ ይጅመር ከምዝሎ ገሊጻ።

ሚኒስተር ፈውዝያ እዚ ዝገለጸት፡ ካብ 7 ክሳብ 9 ጥቅምቲ ኣብ ከረን፡ ዒላበርዕድን ሓጋዝን፡ ብ22 ጥቅምቲ ድማ ኣብ ኣቑርደት - ንእሽ ዞባ ኣስማጥ ብጠቕላላ ካብ 91 ምምሕዳራት ከባቢ ምስ ዝተረቑሑ 408 'ፈታሕቲ ክርክራት' ኣብ ዝገበረቶ፡ ኣብ ኣገባብ ኣጃማምራ ዕማምን ኣሰራርሓን ኮም ዝሰረቱ መሰረት ምፍታሕ ክርክራት ዘተኩረ ዘተ'ዩ።

ምቛም ብደረጃ ምምሕዳራት ከባቢ ዝጥፉ 'ፈታሕቲ ክርክራት'፡ ንጡፍ ተሳትፎ ሕብረተሰብ ኣብ ምድንፋዕ፡ ቀጻልነት ክብርታትናን ማብቁዓዊ ኣገባብትናን ኣብ ምውሓስ፡ ከምኡ'ውን ዘላቒ ሰላም፡ ሰፊትን ርእሱምርኹሳን ኣብ ምርግጋጽ ኣገዳሲ ተራ ከምዘለዎ፡ ሚኒስተር ፈውዝያ ወሲኻ ኣረዲኣ።

ስድራቤት ኣብ ምሽስኳሰን ምዕቃብን ክብርታት ዘለዋ ኣገዳስነት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ሃ ኣገዳሲት ማሕበራዊት ኣሃዱ ዝጸልዉ ጉዳያት ብቐረባ ክተሓዙን ኣተከሮ ክወሰዎምን ከምዝኾኑ ኣገንዚባ።

ፈታሕቲ ክርክራት ብወገኖም፡ ስርዓት-ሕጊ ሕብረተሰብ ኤርትራ፡ ኩሉ መዳያዊ ፍትሒ ንምንጋስ ዝጸዐት ምዃኑ፣ እዚ ድማ ህዝባዊ ግንባር ዝተቓለሰሉ ዕላማ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ሚኒስትሪ ፍትሒ ዝጀንሖ ሃገራት ንምምላእ በቦዝኡ ክኪዶ ብዝጀንሖ ጻዕሪ ናብ ንቡር ኣፈታትሓ ግርጭታት ንምምላስ ንዝተወሰደ ተበግሶ ኣማስጊኖም።

ኣብ መወዳእታ ሚኒስተር ፈውዝያ፡ ተረቑሖም ዘለዉ ሸማግለን ዓበይቲ ዓድን ካብ ቀዳሞት ንዘወረሶዎ ልቦናን ማብቁዓዊ ፍልጠትን ተጠቒሞም፡ ሰላምን ሰፊትን ኣብ ምሰፋን እጃሞም ክበርክቱ ተላቢዩ።





# ጋሽ-ባርካ - ስልጠና ልምዓት ድንሽ ተዋሂቡ

ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ልምዓት ድንሽ ንምትእትታው ዝዓለመ፡ ኣብ ምሕደራኡን ክምበረሉ ዘለዎ ክንክንን ዘተኩረ ስልጠና፡ ብ15 ጥቅምቲ ተዋሂቡ።

ኣብ'ቲ ካብ ንኡሳን ዞባታት መንሱራ፡ ሻምብቆ፡ ሞጎሎ፡ ባረንቱ፡ ላዕላይ-ጋሽን ጎኒን ዝተዋጽኡ ኣልማዕቲ ጀራዲን ሓረስቶትን ክኢላታት ሕርሻን ዝተሳተፍዎ ስልጠና፡ ክኢላታት ናይ'ቲ ዓውዲ፡ ኣብ ድሕረ-ባይታን ዓሌትን ድንሽ፣ ምምሪጽ ቦታን ምድላው መሬትን፣ ዓቕን ዘርእን ኣገባብ ኣዘራርእን፣ ኣገባብ ኣሰታትያ ማይን ኩሶኳሶን፣ ባልዓትን ሕማማትን ድንሽ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ሜላታት ምእካብ ምህርትን ምሕደራ ድሕረ-ምህርትን ሞያዊ ሓበሬታን መግለጺን ሂቦም።

ክኢላ ኣሃዱ ዘርኢ ኣቶ ተወልደብርሃን ኣሮን፡ ድንሽ ኣብ ከቢድ ጥራይ ከምዝፈሪ ገደርካ ምውሳድ ካብ ግጉይ ርድኢት ዝነቅል ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ብዝተገበረ ሕርሻዊ ምርምርን ፈተነን ከሊማ ዓይነት ሓመድን ትሕዝቶ ማይን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣብ ቆላታት ወጽኢታዊ ምዃኑ ክረጋገጽ ስለተኻእለ፡ ሓረስቶት ኣብ ወቕቲ ዛሕሊ ከምዝዘውትርዎ ንምግባር እቲ ስልጠና ከምእተወደበ ኣረዲኡ።

ሓላፊ ኣሃዱ ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን ኣቶ ኤርሚያስ ኣስመላሽ ብወገኑ፡ ድንሽ ማዕረ'ቲ ንምልምዑ ዝሓቶ ንቕሓትን ዕቱብነትን፡ ኣብ ፍርያት ምስ በጽሐ'ውን ልዑል ጥንቃቐን ኣፍልጦን ከምዝሓትት ብምጥቃስ፡ ንቕሓት ሓረስቶት ኣብ ምሕደራ ድሕረ-ምህርቲ ምዕባይ ወሲኺ ስለዝኾኑ፡ ኣብ ምእካብን ምዕቃብን ፍርያት'ውን ዕቱብነት ክርእዩ ኣተሓሳሲቡ።

ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ ዞባ ጋሽ-ባርካ ሓላፊ ኣሃዱ ልምዓት ብቑሊ ኣቶ ኒጋሲ ሃብተሚካኤል ድማ፡ ከም ድንሽ ዝኣመሰሉ ኣብ ከበሳታት ጥራይ ክዘውተሩ ዝጀንሑ ኣሕምልቲ፡ ወቕትን ዓይነት ሓመድን ብምጽናዕ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ናይ'ቲ ዞባ ክለምዑ ከምዝኽእሉ ብፈተነ ክረጋገጽ ከምእተኻእለ ብምግላጽ፡ ተሳተፍቲ ንዝቐሰምዎ ስልጠና ኣብ ግብሪ ከውዕሉ፣ ኣብ ከባቢኦም ምስ ዝርከቡ ክኢላታት ድማ ቀጻሊ ርክብ ብምግባር ኣብ ምድንፋዕ እቶት ጸቕጢም ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ።

# ዓንሰባ - መስመር ምሕላብ-ገለብ ይጽገን

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ንምምሕዳራት ከባቢ ምሕላብ፡ ቁሩሕን ጋድማይን ምስ ሓወሲ ከተማ ገሉብ ዘራኽብ ናይ ሓመድ ጽርግያ፡ ብህዝባዊ ወፈራታት ይጽገን ኣሎ።

ተሳተፍቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ እቲ መደብ - ብሰኪ ውሕጅ ተበላሺዩ ኣብ ኣገልግሎት መጓዓዝያ ብድሆ ፈጢሩ ንዝነበረ ጽርግያ ንምጽጋን ዝዓለመ ምዃኑ ገሊጾም።

እቲ ወፈራታት፡ መቐጸልታ ናይ'ቲ ማይን ሓመድን ንምዕቃብ፡ ማይ-ክዕታት ንምፍዋስን መደባት ምግራብ ንምትግባርን ከሰላስልዎ ዝጀንሑ ንጥፈታት ከምዝገብሩ'ውን ሓቢሮም።

ኒ ስራሕ ዝኩታተል ዘሎ ኣዚዚ በጦሎኒ ህዝባዊ ሰራዊት ዐመር ኖር፡ ኣብ ዝወጠነ መደባት ተሳታፍነት ህዝቢ ብሓፈሻ፡ ናይ ደቂ'ኣንስትዮ ድማ ብፍላይ ልዑል ምዃኑ ኣብሪሁ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ገሉብ - ሓላፊ ምምሕዳርን ፋይናንስን መንእሰይ ያሲን ዓብዱ ብወገኑ፡ ቅድሚ ሕጂ እቲ ጽርግያ ዝወሓ ክፋሉ ሩባ ሩባ ዝኸይድ ብምዃኑ ንኣገልግሎት መጓዓዝያ ምቹእ ከምዘይነበረ ብምጥቃስ፡ ዝተየደ ዘሎ ዕማም እዚ ዘቃልል ከምዝኾነ ኣረዲኡ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ከተማ ከረን ብምውህሃድ ምምሕዳራት ከባቢ 1ን 6ን ኣብ መኩመቓበር ሓርበኛታት፣ ከርቲ ሓወሲ ከተማ ኣቑርደት - ንእሽ ዞባ ኣስማጥ ድማ ኣብ ቀጽሪ ኣሕዳሪት ቤት-ትምህርቲ ኣስማጥ ማጽሪታዊ ንጥፈታት ከምዘካየዱ፡ ወኪላት ኣረና ሓቢረን።

# ኢጣልያ - 6ይ ጉባኤ መንእሰያት ህግደፍ ይቃናዕ

ውዳብ መንእሰያት ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራሲን ፍትሕን ጨንፈር ኢጣልያ፡ ብ20 ጥቅምቲ 6ይ ጉባኤኡ ኣብ ሚላኖ ኣቃኒዑ።

ጉባኤኛታት፡ ኣካየድቲ ኣካል ኣብ ዘቕረብዎ ጸብጻብ ድሕሪ ዘየደዎ ዘተን ንጥፈታት ውዳቦም ድሕሪ ምግምጋም፡ ንክልተ ዓመት እተገልግል ሓዳስ ኣካየድቲ ኣካል መሪጾም።

ኣብ'ዚ ወከልቲ መንእሰያት ዝተሳተፍሉ ጉባኤ፡ ጠቕላሊ ቈንስል ኣቶ ተኽለሰንበት ኢማም፡ ከምኡ'ውን ኣቦመንበር ሃገራዊ ሽማግለ ኣብ ኢጣልያ ኣቶ ዑቕባይ ፍረመድህንን ተረኺቦም፡ ምኽሪ ሓዘል ኣስተምህሮ ሂቦም።

ኣብ መወዳእታ ጉባኤኛታት፡ ኑዩም ብትግሃትን ተወፋይነትን ከገልግሉ ዝጀንሑ መንእሰያት ምስጋና ከቕርቡ ከለዉ፡ ነታ ሓዳስ ኣካየድቲ ኣካል ድማ ሰናይ ናይ ስራሕ ግዜ ተመንዮም።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ መበል 50 ዓመት ዝኸረ ፈስቲቫል ቦሎኛ፡ ብ20 ጥቅምቲ ኣብ ከተማ ቦሎኛ ተጸምቢሉ።

ኣብ'ቲ ምሕዝነት ህዝቢ ኤርትራ ምስ ከተማ ቦሎኛ ንምዝኸር፡ ብኮሚቴ ሚድያ ኢጣልያ ዝተወደበ ኢጋጣሚ፡ ካብ ማሕበረኮም ኤርትራ ኣብ ቦሎኛ፡ ኣቦላት ሃማደኤ፡ ከምኡ'ውን መሓዙት ኤርትራን ኤርትራውያንን ኢጣልያውያንን ተሳቲፎም ነይሮም።

ተሳተፍቲ፡ ምሕዝነትን ሕውነትን ማሕበረኮማት ኤርትራ ምስ ህዝቢ ቦሎኛ፣ ብሓፈሻ ድማ ምስ ህዝቢ ኢጣልያ እናማዕበለ ክቕጽል፡ ትምኒቶምን ባህጎምን ገሊጾም።

ብኻልእ ወገኑ ጨንፈር ሃማደኤ ኣብ ጀርመን ብ12ን 13ን ጥቅምቲ መንፈቓዊ ኣኼባ ኣካዪዱ።

ኣብ'ዚ ሓለፍቲ ንኡስ ጨናፍር ካብ መላእ ጀርመን ዝተሳተፍኡ ገምጋም፡ ኣደ-መንበር ጨንፈር ወ/ሮ ልኡል ተወልደ፡ ኣብ ቀዳማይ መንፈቕ 2024 ንዝተኻየደ ንጥፈታትን ዝተሰላሰለ መደባትን ኣመልኪታ ጸብጻብ ድሕሪ ምቕራብ፡ ኑዩም ኣብ መሰረት ዝርከቡን ዝበገሱ ዘለዉን መደባት ንምዕዋት፡ ኩለን ኣባላት ማሕበር ከም ወትሩ ብትግሃት ክሰርሓ ተላቢየን።





# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

# ጽልዋ ማሕበራዊ ክእለት ኣብ ጥዕና ኣእምሮ

ማሕበራዊ ክእለት፡ ምስ ሰባት ክትራኸብ እንከለኻ ሃናጺ ምብህሃል ከተጥሪ ዝሕግዘ ጥበብ እዩ። እቲ ምብህሃል ብቓላት (ዘረባ) ወይ ብቋንቋ ኣካላት (ምልክት) ዝተሰላሰለ ክኸውን ይኽእል።

ወዲ ሰብ፡ ካንሕድሕዱ ተማሕቢሩ ክኸይድ ልዑል ተፈጥሮኣዊ ትዕድልቲ ዘወሃቦ ፍጡር እዩ። ኑቲ ተፈጥሮ ዝዓደሎ ማሕበራዊ ምትእስሳር ንምዕባይ ምስ ግዜ ካንሕድሕዱ ዘበሃሉ ምልክታትን ቋንቋን ፈጢሩ፡ ክረዳዳእን ፍልጠት ክመሓላለፍን በቒዑ ይርከብ።

ማሕበራዊ ክእለት እንታይ እዩ ጥቕሙ?

ማሕበራዊ ክእለት ሓደ ሰብ ምስ ብጾቱ ይኹን መቕርቡ እወንታዊ ርክብ ክህልዎ ዝሕግዝ ሜላ እዩ። ልዑል ማሕበራዊ ክእለት (social skill) ዘለዎ ሰብ፡ ብቐሊሉ ምስ ሰባት ኣብ ምርድዳእን ዝምድና ኣብ ምምስራትን ጸገም የብሉን። ዕዉትን ባህታ ዘለዎን ህይወት ክትነብር እተደሊ'ኻ ልዑል ማሕበራዊ ክእለት ክህልወካ ከም ዘለዎ ምህራት ስነ-ኣእምሮ ይመኽሩ።

ማሕበራዊ ክእለትን ኣእምሮኣዊ ጥዕናን ቀጥታዊ ምትእስሳር እዩ ዘለዎ። ሓደ ሰብ ጥዕና ዘለዎ ማሕበራዊ ዝምድና እናማስረተ ብዝኸደ መጠን ሓጎስ ዝመልኦ ህይወት እናሃለዎ ክኸይድ ንቡር እዩ። ማሕበራዊ ክእለትካ ልዑል እንተኾይኑ፡ ኣብ ስራሕካ'ውን ብቑዕ ርእሰ ክብሪ (self-esteem)፡ ርእሰ ተኣማንነት፡ ወዘተ ክህልወካ ዝሕግዝ ብምዃኑ፡ ዓወታት ክትገናጸፍ ትኽእል ኢኻ። ልዑል ማሕበራዊ ክእለትን ርእሰ ተኣማንነትን ዘለዎ ሰብ ድማ ብዙሃግዲ ብወጥርን ኣእምሮኣዊ ነውጽን ክጥቃዕ ዘሎ ተኽእሎ ትሑት እዩ። ማሕበራዊ ክእለት ኣብ ጥዕናና ብሓፈሻ ኣገዳስነት ካብ ሃለዎ'ምበኣር፡ እዚ ክእለት ከተጥሪ እንታይ ክንገብር ይግባኣና? ዝብል ሕቶ ክለዓል ናይ ግድን እዩ።

ክኢላታት ስነ-ኣእምሮ፡ ማሕበራዊ ክእለት፡ ብባህሪ ዘወሃበካ ትዕድልቲ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብትምህርቲን ምልምማድን ከተማዕብሎ ከም ዝከኣል'ዩ'ም ዝምዕዱ። ገለ ካብቶም ማሕበራዊ ክእለትካ ክብ ከተብል ዝሕግዙ ነጥብታት እዞም ዝስዕቡ እዮም።

- ብንእሽቶ ጀምር፦ ኣዝዩ ከቢድን ልዕሊ ዓቕምኻን ዝኾኑ ነገራት ክትሰርሕ ኣይትፈትን። ኩሉ ግዜ ብንእሽቶ ጀምር። ዝኾነ ስራሕ ክትጅምር ምስ ሰባት ኣብ እትራኸበሉ እዋን እቲ ፈለማ ክትገብሮ ዝግበኣካ ንእሽቶ ክእለት፡ ትሕትናን ምህላውን እዩ። ፍሕሹው ኩን፡ ከም "የቐንየለይ፡ ይቕሬታ" ዝበሉ ትሕትናን ዘንጸባርቑ ቃላት'ውን ተጠቐም። ምስ ሰባት ኣብ እትራኸበሉ እዋን'ውን እተካይዶ ዘረባ ኣዝዩ ሓጺርን ንጹርን ክኸውን ይግባእ። እተካይዶ ዘረባ ንእሽቶን ሓጺርን ምስ ዝኸውን ልዑል ርእሰ ተኣማንነት ክህልወካ ይሕግዘካ እዩ።

- ርእሰ ተኣማንነት ይሃልኻ፦ ምስ ሰባት ክትቀርብ እንከለኻ ብዝተኻእለ መጠን ርእሱ-ተኣማንነትካ ኣሐይልካ ክትቀርብ ይግባእ። ጭንቀት ወይ ሻቕሎት ኣይሃልኻ። እዚ፡ ኩሉ ግዜ ድሕሪት እዩ ዝመልሰካ። ኣካላትካ ብፍርሒ ከይተወረረን ስምዒትካ ከይተተንከፈን ብፍሱህ መንፈስ ዘረባ ከተካይድ ፈትን። እተካይዶ ዘረባ ወይ እትህቦ መግለጺ መወዳእታ ዘይብሉ ኣዝዩ ነዊሕ ክኸውን የብሉን። ዘረባ ኩሉ ግዜ ሓጺርን ርዱእን እንተኾይኑ ተመራጺ እዩ። ካልእ ሰብ ድማ ብቐሊሉ ክርደኣካ ይኽእል። በዚ መገዲ'ዚ ርእሰ ተኣማንነት ከተማዕብል ትኽእል ኢኻ።

- ሰማዒ ኩን፦ ምሳኻ ንዝዘራረቡ ዘለዉ ሰባት ጽን ኢልካ ክትሰምዖም ፈትን። እንታይ ደብዛል ከም ዘሎ እንተሰሚዕካዮን እንተተረዳእካዮን ጥራሕ ኢኻ ኑቲ ተሳዒሉ ዘሎ ኣርእስቲ ከተሰጽዎን ብቑዕ ሓሳብት ክትህብን እትኽእል። እዚ ቀሊል ዝመስል'ኳ እንተኾነ፡ ብዙሓት ሰባት ንሰቶም ጥራይ ክዛረቡ ስለ ዝደልዩ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ሰባት ኣድህቦ ክህልዎም ኣይርእዩን እዮም። ስለዚ ሰማዒ ምዃን ብዙሕ ጥቕሚ ከም ዘለዎ ክትዝንግዖ ኣይግባእን።

- ክፉት ሓንጎል ይሃሉኻ፦ ብዝበኡ ሰማዒ ኮይንካ ብዙሓ ነገራት እኹል መረዳእታ ንኽይትረክብ ዝዕንቅጽ ሓደ ረቛሒ፡ ሓንጎል ክፉት ዘይምግባር እዩ። ሰፊ ወይ ሓንጎል ዘይብሉ ዝበሃል ሰብ ከም ዘየሎ ክንምገዝዘብ ይግባእ። ኣብ ደረጃ ብልሒ ሓንጎል፡ ደቂ ሰብ ሓደ ካብቲ ካልእ ዝበለጸ ዝኾነውን ክፉት ሓንጎል ስለ ዝገበረ ጥራሕ እዩ። "ፈጺሙ ክርደኣኒ ኣይክእልን እዩ፡ እዚ ዓውዲ ትምህርቲ'ዚ ንዓይ የጨንቐኒ እዩ" ትብል እንተኾይንካ ቅድሚ ዝኣገረ ሓንጎልካ ዓጺኻዮ ኣለኻ ማለት እዩ። ሰባት ዝብልዎ ኩሉ ብምሉእ ከይተረደኣና ክንቅበሎ'ውን የብልናን። ሓደ ነገር እትቕበሎ ክሳብ ዝኣመንካሉ ጥራሕ ክኸውን ይግባእ። ኣብ ዘይኣመንካሉ ነጥቢ ግና ሓሳብካ ከተፍስስን ክትካታዕን ግቡእካ ምዃኑ ኣይትዘንግዕ።

- ምስ ኩሉ ምሕዝነት ክትፈጥር ጽዓር፦ ፍሕሹው ገጽ ምውናን ሓያሎ ኣዕሩኽ ክተጥሪዩ ዝሕግዘካ። ምስ ሕጉስን ምቕሉልን ክሳድ ዘይደሊ ሰብ የሎን። እዚ ሜላ'ዚ ብዙሓት ኣዕሩኽ ክተጥሪ ክሕግዘካ እዩ። ሓያሎ ኣዕሩኽ ምውናን ድማ ኣብ ጸበቕካን ሕማቕካን ዝኸፈሉ ሓያሎ ሰባት ትውንን ከም ዘለኻ ክትፈልጥ ኣለካ። ምስኦም ተራኺብካ ብእተካይዶ ዘርርባት ድማ ሰፊሕ ሓሳባትን ክእለትን ዘለዎ ኣእምሮ ክትውንን ትኽእል ኢኻ።

- እዋናዊ ኩን፦ ቀጻሊ ማዕከናት ዜና ምክትታልን ጋዜጣታትን መጽሄታትን ምንባብን ሓያል ፍልጠት ከተኣኻኽብን መዛረቢ ዝኸውን ኣርእስቲ ክትረኽበን የኽእለካ እዩ።

- ልምምድ ምዘውታር፦ ማሕበራዊ ክእለት ቀጻሊ ብእትካይዶ ልምምዳት እዩ ዝምዕብል። ማሕበራዊ ክእለትካ እትለማመደሉ ግዜ ይሃልኻ። ኩሉ ግዜ ምስ ሓዲሽ ሰብ ክትዛረብ የብልካን። ምስቲ ኣቐዲምካ ዝተላለኻዮ ሰብ ጥቡቕ ዝምድናን ዓሚቕ ዕርክነትን ክሳብ ዘይመስረትካ ሓዲሽ ሰብ ክትላለ የብልካን።




## ዜና

# ኣስማጥ - እንግዶት ንኣባላት ሓይልታት ምክልኻል

ኣባላት ሃማደኤ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ እሮታ - ንኡስ ዞባ ኣስማጥ፡ ኣብ ምስራሕ ዲጋን ካልእ ልምዓታዊ መደባትን ተዋፊሮም ንዘርከቡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ - ክፍለ ሰራዊት 34፡ ናይ ምሳሕን ምዝንጋዕን እንግዶት ወዳቢን።

ሓላፊት ሃማደኤ ኣብ'ቲ ምምሕዳር ከባቢ ወ/ሮ ጅምዕያ ዓብደላ ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ ህዝቢ እሮታ ብሓፈሻ ኣደታት ድማ ብፍላይ፡ ዝስተ ማይ ንምርካብ ንነዊሕ ሰዓታት ኣድካሚ መገዲ ይጉዓዛ ከም ዝነበራ ብምዝካር፡ እታ ትስራሕ ዘላ ዲጋ ነባሪ ፍታሕ ክተምጽኣለን ልዑል እምነት ከም ዘለዎ ገሊጻ።

ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ እሮታ ኣቶ ኢብራሂም መሓመድሰዒድ ብወገኑ፡ እቲ ብኣባላት ሃማደኤ ዝተወደበ መደብ፡ ነቶም ጸገማት ህዝቦም ንምቅላል ለይትን መዓልትን ኣብ ስራሕ ተዋፊሮም ዝርከቡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል፡ ምስጋና ንምቕራብ ዝዓለመ ከምዝተሰላ ኣብሪሁ።

ኣዛዚ ብርጌድ ተጋዳላይ ተኽለ ሃይለ ብወገኑ፡ እቲ መደብ ፍናናም ዘርኽ ምኻኑ ብምሕባር፡ ንህዝቢ እሮታ ብሓፈሻ ንኣደታት ድማ ብፍላይ ኣመስጊኑ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣስማጥ ኣቶ መሓረና ተኽለኣብ ከኣ፡ እቲ መደብ ኣካል ናይ'ቲ በብከባቢኡ ንሓይልታት ምክልኻል ዝግበር ናይ ምስጋና እንግዶት ከምዝተሰላ ብምጥቃስ፡ ንወደብቱ መጒሱ።

ምምሕዳር ከባቢ እሮታ፡ ሓንቲ ካብ 8 ምምሕዳራት ከባቢ ንኡስ ዞባ ኣስማጥ ኮይና፡ ካብ ሓወሲ ከተማ ኣስመራ 38 ኪሎሜተር ንሸነኽ ምዕራብ ትርከብ።

# ኣስመራ - ምዝርጋሕ ትሕተ-ባይታዊ መርበባት ቴለፎን ይቕጽል

ኣብ ከተማ ኣስመራ፡ ካልኣይ ገጽ ማስርሕ ምሕዳስን ምትካእን ዝኣረገ ትሕተ-ባይታዊ መርበባት ቀዋሚ መስመር ቴለፎን ይቕጽል ኣሎ።


በዚ መሰረት፡ ኣብ ሓዙሓዝ ልዕሊ 50 ዓመታት ዘቑጸረ መርበባት ብሓድሽ ይትካእ ከምዘሎ፡ ሓላፊ ምምሕዳር ኮርፖረሽን ቴለኮሚኒኬሽን ኤርትራ ኣቶ ተኽልያ ኢሳቕ ገሊጹ።

ኣቶ ተኽልያ፡ እቲ ቀንዲ ዕላማ - ተገልገልቲ ውሑስን ጽፉፍን ኣገልግሎታት ቴለፎንን ኢንተርነትን ዝረኽብሉ ባይታ ንምጥጣሕ፣ ከምኡ'ውን ንሓደስቲ ሓተትቲ ቀዋሚ መስመር ቴለፎን ንምዕዳል ምኻኑ ብምሕባር፡ እቲ መደብ መቐጸልታ ናይ'ቲ ኣብ ዕዳጋ ሓሙሰ ኣኸርያን ምህራም ጭራን ዝተኻየደ ማስርሕ ምሕዳስን ምጽጋንን ከምዝተሰላ ኣብሪሁ።

እቲ ዕማም ምስ ናይ ስራሕ መሻርኽቲ ተወሃሂድካ ይትግበር ከምዘሎ ጠቒሱ ድማ፡ ኣብ ማስርሕ ዝኸሰት ምብላሻው መስመራት ጽሩይ ማይን ረሳሕን ፈሳሲን ዘተኻዕተ መንገዲ ኢጋርን ብሓድሽ ናይ ምትካእ ስጉምቲ ከምዝወሰድ ኣፍሊጡ።

ኣብ ኮርፖረሽን ቴለኮሚኒኬሽን ኤርትራ ሓላፊ ህንጻዊ ስርሓት ኢንጂነር ሃብቶም መሓረን ሓላፊ ኣገልግሎት ጽገና ኣቶ ኣብርሃም ተስፋስላሴን ብወገኖም፡ እቲ መደብ ካብ ቀንዲ ማከፋፈሊ መስመር ቴለፎን ዕዳጋ ሓሙስ ናብ ሓዙሓዝ 1,500 ሜትሮ ሓድሽ መስመር ብምዝርጋሕ ተጀሚሩ ከምዘሎ ሓቢሮም።

ማስርሕ ዕደላ ሓድሽ ቀዋሚ መስመር ቴለፎን፡ ኣብ ኩሉ ጽገና ዝተኻየደሉ ከባቢታት ኣስመራን ምስኡ ዝዳወብ ቦታታትን ካብ መጀመርያ ወርሒ ግንቦት 2024 ከምእተጀመረ፡ ካብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ኮርፖረሽን ቴለኮሚኒኬሽን ዝተረኽበ ሓበሬታ የረድእ።


ሰኣሊ፡ የናታን የዕብዮ

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ማህደር ጀጋኑ

ሽሞንዲ ዑቕባሚካኤል

## "ኣደይ'ያ ጸላዊት ገድላዊ ጠመተይ"

3ይ ክፋል

ኣብ ካልኣይ ክፋል ዓንቀጽ ናይዚ ኣርእስቲ'ዚ፡ ኣደይ ኣማረሽ ኑቲ ኣብ ሳርቶ እናስፈየት ንተጋደልቲ ተቀቢላ ዝለበሰት ክዳውንትን ካልእ ናይ ምትሕብባር ተግባራታን ኣብ ከባቢ ሊባን ናብ ዝነበረ ዥቃጣ ፖሊስን ኮማንደስን ካልእን - ሓበሬታ ከይከዳ ምእንቲ ብጥንቃቐ ትሰርሖ ከም ዝነበረት፣ ተጋዳላይ ገረማርያም ኑቲ ኣደኡ ዝዓቀበቶ ጸሓፋት ተጋደልቲ ብዘይ ፍቓድ ኣደኡ ብኣዱ ኣልዒሉ ብምርኣዩ ነደይ ኣማረሽ ከም ዘይኣለሾ፣ ብርኽቲ፡ ኣብ ጉጀለ ባህሊ "ጽባሕ" ተወዲባ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ ክትመሃር ጀሚራ ከም ዝነበረትን ባህላዊ ምርኢታት ናብ ህዝቢ ኣብ ምቕራብ'ውን ምስ ጉጀለኣ ናብ ከሉ ዓድታት ለጉ-ዓንሰባ ከም ዘተንቀሳቐሰትን፣ ኣብ መወዳእታ ኸኣ ኣደይ ኣማረሽ ኑቲ ብመንገዳ ዝቐደ ዝነበረ መልእኽቲ ናብ ኣስመራ ናይ ምብጻሕ ውድባዊ ዕማም ብመንገዲ ህጻን ብርኽቲ ጓላ ክትልእኮ ከም ዝጀመረት ተገሊጹ ነይሩ፡፡ መቐጸልታ ናቱ ድማ እንሆ፦

ኑቲ ምስጢራዊ መልእኽቲ ዝተጻሕፎ ወረቐት ኣቐጢን ኣቢላ ብምፍሓስ (ብምጥዋይ) ኣብ ወሽጢ'ቶም ኣብ ክንዲ ቅናት ዘገልግሉ ገመድ ማሰልቲ ድርብ ኣጭርቐቲ ጎድናዊ መጸበቢ ክፋል ሸንቅጥ መዓንጣ ቀምሺይ ትሰኸዮም፡፡ ቀጺሉ ዝም ኣብ ወሽጢ ትቦታቶም ምስጢራዊ ወረቐት ዝሰተሩ ኣጭርቐቲ፡ ሓድሕዶም ጠላሊፋ ብምእሳር ቀምሺይ ወዚል ንኸይብል ሸጥ ኣቢሎም ከም ዘጽብቡዎ ገይራ ንቡር ኣገልግሎቶም ከም ዝህቡ ትገብሮም፡፡ ኣብ መወዳእታ፡ ብዘይካ ኣደይ፡ ኣሃን ሳራን፡ 'ኣብዚ ኣጉዳሲ ንብረት ይስተር'ዩ' ኢሉ ዝጥርጥር ኣካል ኣይነበረን፡፡

ሓደ-ሓደ ግዜ ግን፡ እቲ ጨርቂ ግዲ ይጸብቦ ነይሩ ኸይኑ ብትሕቲ ሰኮርባይ ረገጸዮ ከም ዝኸይድ ትገብር ነበረት፡፡ ማለት፡ ኣብ ትሕቲ ሸፋን ኮፕነ ሳእኒ ኣዋልድ ኣእትየዮ ከይተኸሰተኩወን ይገዓዝ፡፡ ኣብ ቦታ መፈተሺ ምስ በጽሕና ግምት ዝህቡ ወተሃደር ኣይነበረን፡፡ ብወገነይ'ውን እንተስ ልቢ ዘቖብቁልኩ፡ እንተስ ኣይሓተቱንን'የም ኢሉ፡ ኣብ ኣእምሮይ ፍርሒ ዝበሃል ኣይነበረንን፡፡ ዘእሰር ኩይኑ ይሰማዓኒ ስለ ዘይነበረ'ውን እዚ ክመጽኣኒ'ዩ ዝበሃል ነገር ኣይነበረንን፡፡ እትው ምስ በልኩ፡ ከምታ ኣደይ ዝመዓደትኒ፡ "ሳራ ኣብዚ ኣሎኺ" ኢለ ባዕላ ፈቲሓ ክሳብ ትወስዶ ተጸበዩ፡ ኑቲ ወረቓቕቲ ምስ ተረኸቡዩ ቀጥታ ምስቶም ደቃ ናብ ጸወታይ ይኣቱ ነበርኩ፡፡ ሳራ ብወገኖ፡ መልእኽታ ምስ ወሰደት፡ ኣብ ብሉቸታት ዘጋጠሚ ሕቶታት እንተ ነይሩ ንምርግጋጽ ገለ ሕቶታት ትሓትተኒ፤

"ፈታሽ ጉዳይፍ ፈቲሹምኺ ደየም?" "ኣይፈተሹንን" "ኣብ ዓዲጋዕዳድ ዘለዉኸ?" "እዋይ! እዚ ህዝቢ ምሉእ መዓልቲ ኮፍ ኣቢሎሞ ወዓሎም ... " እብሎ፡፡ "ንዓኺኸ?" "ንዓይስ ኣይፈተሹንን፡ ሕሊፈ ኣሎምኒ ሓሊፈ" እብሎ፡፡ ከምዚ እናበልና ስራሕና ንቕጽል፡፡

**- ኣብ መወዳእታ 1977 ኣብ ሕምብርትን ጠቐራን ውግእ ሕድሕድ ተኸሲቱ ነይሩ እዩ፡ ኣብዚ ዘሎኪ ዝኸሪ?**

ይዝከር እዩ፡ ሽዑ ግዜ እዚ ሓወይ መራሒ ቦጦሎኒ ብምኳን ኣብ ቀጽራ8 ይንቀሳቐስ ነይሩ፡፡ ቀጽራ8 ማለት ኮድ ምምሕዳራዊ ኣቃውማ ናይቲ ውድብ ኮይኑ፡ ንኸበቢታት ሎጎ-ዓንሰባን ዕላበርዕድን የጠቓልል፡፡ ቀጽራ9 ድማ ሰፊሕ ለከምካ ንኸበቢታት ሰራየ የጠቓልል፡፡ ዝርጋሐ ጸላኢ ብዘሎ 1977 ክሳብ መወዳእታ 1978 ኣብ ሕምብርቲ ኣይበጽሕን'ዩ ዝነበረ፡፡ ኣብ ዓድታት ወሰናስን ኣስመራ ተደራቲ'ዩ ዝሰኸል ዝነበረ፡፡

ህዝቢ ናይዚ ኸባቢ ድማ ቡቲ ዘጋጥም ዝነበረ ሓድሕዳዊ ረጽሚ ኣዝዩ ተሰቀቐ፡፡ እዚ ኸብሎካ ኸለኹ ኣነ ቀልዓ ስለ ዘለኹ ኑቲ ምረት ብጦዙእ ርእሰይ ኣስተማቒረ ኣይከኣሽኩን፡፡ ዄብራቕ ምረቱ ግን ኣብ ወለድና ንርእዮን ንሰምዖን ነይርና ኢና፡፡ ነፍሲ ወከፍ ኳሕ ዝበለት ጥይት ህይወት ኤርትራዊ ዜጋ ትበልዕ ብምንባራ ንህዝቢ ኤርትራ ኣመና መሪር ነበረ፡፡ በዚ ምኽንያት ንኽልተ ውድባት ሰውራ ንምዕራቕ ቀጻሊ ናይ ሰላም ፈተነታት ተኻይዱ፡፡ ገረማርያም ከኣ ከም ወዲ-ዓዲ መጠን እቲ ህዝቢ ኣብ ዝፍትኖ ዝነበረ ተበግሶ ሰላም ኢዱ ክሕውስን ንወገን መራሕቱ ተሓኤ ኣብ ምልዛብ ክተሓባበርን ይዕድም ነይሩ፡፡ ከም ዝጠዝሕ ተጋዳላይ ኑቲ ዕርቂ ይደግፍ ስለ ዝነበረ ኸኣ ምስ ብጻል ኣቦይ ብላታ ጉብረኣብ - ተጋዳላይ ተጋድሎ ሓርነት ወዲ ቀራናኾዶ - ዓቕሙ ዝፈቕዶ ይተሓጋገዝ ነይሩ፡፡

ግን ከኣ ንደለይቲ ዕርቂ ሓፋሽ፡ ተጋዳላይን ታሕተዎት ሓለፍትን ናይ ተሓኤ ንድሌታቶምን ድሌታት ህዝቦምን ናብ ተግባር ከሰጋዥ ኣብ ዝፍትኑ ግዜ ዕንቅፋት ከም ዝነበሮም እዩ ታሪኽ ዝምገረና፡፡ ገለ ላዕለዎት ሓለፍቶም ኑቲ ሓዊ ክእገድ ይደፍእሉ ስለ ዝነበሩ'ሞ፡ ንትእዛዝ መራሕቶት ጥሒሶም ናብ ልዝብ ምቕራብ ዘይከኣል ይኸውን፡፡ ስለ'ዚ ብጻል ገረማርያም ሓወይ ዝርከቡዎም ደለይቲ ዕርቂ ታሕተዎት ሓለፍቲ ተሓኤ፡ ዝተፈላለየ ጥበብ እናተጠቐሙ ኑቲ ዘጋጥም ዝነበረ ረጽምታት ምስ ህዝቢ ብምትሕብባር ደው ክብሉ ክኢሎም ነይሮም እዮም፡፡ ገለ ካብቲ ሕድሕድ ዝግበር ብረታዊ ረጽምታት ደው ንምባል ዝጥቀምሉ ዝነበሩ ሜላታት፡ ኑቲ ኣብ መንጎ ውግእ ክኣቱ ዝፍትንን ዝልምንን ህዝቢ፡ "ታቦት ኣውጺእኩም ካህናት ተዓጂብኩም ለምኑና" ይብሉዎም'ሞ፡ ብኸምኡ ኣገባብ ግዝያዊ መዕለቢ ይግበር፡፡

ካብቲ ዘሕዝን ነገር ግን፡ እንተላይ እቲ ንዕርቂ ዝደፍእ ዝነበረ ተጋዳላይ ብላታ ጉብረኣብ ኣብ ውግእ ሕድሕድ ሕምብርቲ ምስዉኡ እዩ፡፡ ኣብ መንጎ ኣሕዋት ዝቐደ ኩናት ንምውጋድ ከም ዘይተቓለሰ ንዕኡን ካልኦት ጀጋኑ ኣሕዋትን ኣሓትን ለኻኺሙ ሓሊፉ ውግእ ሕድሕድ፡፡ ኣቦይ ብላታ ጉብረኣብ፡ ኣብ ግዜ ስርዓት ሃይለስላሰ ኮማንደስ ዝነበረ ኸይኑ፡ ደሓር ናብ ጀብሃ ዝተጸንበረ ጅግና ተጋዳላይ እዩ፡፡ ቀሲተ ብላታ ጉብረኣብ ዝተባህለ ተጋዳላይ ተጋድሎ ሓርነት ወዱ'ውን ብድሕሪኡ ኣብ ውግእ ዓዲጉብሩ - ምስ ተሓኤ ብምኳን ኣንጻር ደርጊ እናተዋግአ ብጅግንነት ተሰዊኡ፡፡

ሕምብርትን ከበኣን ብዘይካ'ዚ ዝገለጽኩዎ ክስተት ናይ ውግእ ሕድሕድ፡ ብ1978 እውን ብድብዳብ ነፈርቲ ስርዓት ደርግ ብዙሕ ህዝቢ ሃሊቑ እዩ፡፡ እተን ብፈርቲ ኸናት ጸላኢ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ መጥቃዕቲ ዝተፈጸመሉ ፍሉይ ቦታ ሕምብርቲ፡ ኣብ ከባቢ ሹቕ ኩይኑ፡ ዓርቢ መዓልቲ ልክዕ ሰዓት 9፡00 ነበረ፡፡ ህዝቢ ናይ መርዓ ዳስ ንምስራሕ ተኣኪቡ የማንጸጋም እናበሉ ቀልዑን መንእሰያትን ኣብ ጸወታን ስራሕን እንከለው፡ እተን ነፈርቲ ሓንሳብ ኣብ ልዕሊ'ታ ዓባይ ዓዲ ድሕሪ ምኽላል፡ ደይመደይ ኢለን ኣብ ልዕሊ'ቲ ዝረኣየን ዝነበረ ጸዕቂ ሰብ ክዝርግኣ ወሰና፡፡ ካብቲ ዝጸንሐን ብራኸ በረራ ለጠቕ ኢለን ብምምጻእ ድማ፡ ናብታ ዳስ ኣነጻጺረን ፋንረስ ዝበሃል ተተኩሰቲ ብምኽሳስ ኑቲ ህዝቢ ኣጥቃዓኦ፡ ሽዑ፡ ካብ ህጻናት ጀሚርካ ክሳብ ሽማግለታት ኣቡቲ ዳስን ከባቢኡን ህይወቱ ዝሰኣነ ብዙሒ. ግዳያት፡ ልዕሊ 30 በጺሑ፡፡ እታ መርዓ፡ ካብ ሓጎስ ናብ ሕሰም ምረትን ተቐየረት፡፡ ካብ ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር እውን ዝተሰውኡ ነይሮምም፡፡ እዚ ታሪኽ ሰዲዱዎ ዘሎን ኣብ ዝኽሪ ህዝቢ ሕምብርቲ ዘሎን እዩ፡፡

ብዘይካ'ዚ፡ ነፈርቲ ኸናት ኢትዮጵያ ኣብ ድሮ የሆንስ ናይ 1978 ኣብ ሊባን ግራት ጉብሩ ላዕላይ ንዝዘሓ፡ ኣብ ግራት ጉብሩ ታሕታይ ድማ ንዝዘ እንዳ ቀሺ ሃይለ ሃሪመን ከፊላዊ ዕንወት ኣውሪደናልና እየን፡፡ ብኣጠቓን ምራኹትን ደኣ ሓሊፋልና'ምበር፡ እቲ ደብዳብ ኣብ ማእከል ቀጽሪ ገዛና እዩ ሃሪሙ፡፡ ሽዑ ብዓል ኣቦይ ሕዳር (ቃድራ መሬት) ክጸግኡ ንበርኻ ወፊሮም ነይሮም፡፡ ኑተን ኣብቲ ገዛ ደቂሰን ዝጸንሓ ኣጠልን ምራኹትን ግን እታ ኣቓ ትበሃል ዓይነት ኣራት ውግእ ብዘተኩሰቶ ፋንረስ ርፍርፍ! ኢለን ሞይተን፡፡

**- ኣደይ ኣማረሽ መልእኽቲ ንምብጻሕ ንዓኺ ኣብቲ ማሰመር ምስ ኣተሓሓዘትኪ ካልእ ትሰርሖ ተወሳኺ ውድባዊ ዕማም ነይሩዋዶ?**

ከምዚ ዝበለ ሓለፍቲ ተሰኪማ ነይራ ኢለ'ኳ ብድፍረት ክዛረብ እንተዘይክኣልኩ፡ ግን ብንጥፈት ክትሰርሕ ይርኣያ ነይሩ፡፡ ንኣብነት፡ ከኣታት ውግእ ኣብ ዘጋጥመሉ ግዜ፡ ኣደታት እኽሎማይ ንኸዳልዋን ካልእ ውድባዊ መምርሒታትን ተመሓላልፈለን ነይሩ፡፡ ሓደሓደ ግዜ ድማ ኑቲ ብሱብሉት ክትግበር ዝጠቦኣ ናይ ኳደረታት ዕማም፡ - ከም እኽሎማይ ናብ ዓውደ-ውግእ ምብጻሕ - ብናይ ግዜ ርእሳ ተበግሶ ባዕላ ትኸይድ ነይራ፡፡ ኑቲ በተን ኣንስቲ ተሰኪመን ዝሓደረ ቀጫጨ፡ ሃንዛታት፡ ኣደይ ደግድጊት ተዓጢቓ ኣእዱግ ጸዒና ክትከይድ እርእያ ነበርኩ፡፡ ንኣብነት፡ ኣብ መስከረም 1978 ኣብ መንጎ ደርግን ተሓኤን ኣብ ከባቢ ዓዲጉብሩ ውግእ ክቐድ ከሎ ዓዲ ወርሒሰብ በጺሓ ነይራ፡፡


ኣደይ ኣብቲ ሰዓት'ቲ ጓል 55 ዓመት ነይራ፡፡ ካብ ቦታ ዓውደ-ውግእ ምስ ተመልሰት'ውን ስራሓ ደው ኣየበለትን፡ ቀጥታ ነተን ኣንስቲ ዓዲ ኣኪባ፡ "እዚ ትሰምዓኦ ዘለኽን 'ጀምጀም!' ዝበል ዘሎ ድምጺ፡ ንግሆ ንግሆ ሰብ ይበልዕ ኣሎ! ኣነ ዝርኣኽዎ ኣሎ፤ እዚ ተወንጫፍ'ዚ ደቅናን ኣሕዋትናን ይወስድ ኣሎ፡ ሞትን መቑሰልትን እናኸኑ ዓይነይ ርእየ መጺአ፡፡ በዚ ዓቕመይ ወጊኣት ከልዕል ኣብ ዘፈተኽሉ ምቕራብ ከለኣምኒ ኣእዱግኪ ሓዝኪ ወጺኢ ኣሎም ሰዓያምኒ" ምስ በለተን፡ እተን ኣደታት እንደገና ኣወዳደባኣን ኣሓደረን ኑቲ ካብኣተን ክቕረብ ዝኽኣል ነገር ይቕርባን ብመንገዲ ኳደረታት ይልእኻኦ ነበራ፡፡

ኣደይ ከኣ፡ መመለሱ ዝዋገፍል ሃገራዊ ሰሚዒት'ዩ ነይሩዋ፡፡ ሓወይ ተጋዳላይ ገረማርያም ኣብርሃም፡ ኣብ 1980 ንተሓኤ ገዲፉ ንሱዳን ከም ዝሰገረ ምስ ሰምዐት ኣይተሓጎሰትን ኣደይ፡፡ ንሱ፡ ኣደይ ኣብ ሰውራ ዘለዋ ልባዊ ደገፍ ስለ ዝርዳእ'ዩ እማስለኒ፡ ኣብቲ ደብዳቤኡ፡ "ስለ ዘይጠዓመኒ እየ ንተ.ሓ.ኤ. ገዲፈ ንሱዳን ኣትየ፣ ይቕረታ ኣደይ" ኢሉዋ፡፡ ንሳ ድማ ብመንገዲ'ቶም መልእኽቲ ሓዚሞማ ዝመጽኡ ኸ'ውን ናብ ሱዳን ዝምለሱ ሰባት ኣቢላ፡ "ገረማርያም ወደይ፡ ወሰድተዮ ዘለኻ ተግባር ተሓጺብካ ናብ ጭቃ እዩ" ኢላ መልሲ ልኢኻትሉ፡፡ ገረማርያም ከኣ እንተ ኻብ ዓንተቦ ኣብ መደብ ጸኒሑ፡ እንተስ ኣደይ ሓቓዪ መልሲ ምስ ሃበቶ ኣተሓሳሰቡዎ ኣይፈልጥን፡ ቀልጢፉ እዩ ኣብ ማሰመር ህዝባዊ ግንባር ብምውዳብ ክሳብ ግዜ ናጽነት ሃገራዊ ቃልሱ ቀጺሉዎ፡፡

**- እቲ ናይ ኣደን ጓልን ተሳትፎ ኣብ ሰውራዊ ዕማም ምስ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፡ ህዝባዊ ግንባር ንጀብሃ ተኪኦ ናብ ዓድኺም ምስ መጸኣትከ ዓቢበሉዶ?**

ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ንምድሪ ኤርትራ ዝተሰናበተትሉን ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ድማ ኑቲ ጀብሃ ሒዞቶ ዝጸንሐት ከባቢታት ተኪኣ ዝተቖጻጸረትሉን ግዜ 1981 እዩ ነይሩ፡፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ 13 ዓመት ዕድመ ይረግጽ ኣለኹ፡፡ እቲ ኸናታት ክቀያየር ከሎ ድሙቕ ዝኽሪ ኣሎኒ፡፡ ሽዑ፡ ኣሉላ ዝተባህለ ተጋዳላይ ጀብሃ (ወደኾይ) ነዊሕ ጠፊኡ ነይሩ ካብ ባርካ መጺኡ ቀጥታ ናብ ገዛና ኣትዩ፡፡ ኣደይ ተቐቢላ፡ "ወዲሓወይ ናበይ ደሊኻ መጺእካ?" ኢላቶ፡፡ ንሱ ድማ፡ "ኣሕዋተይ ናፊቐ ክርእዮም ደልየ" ኢሉ ይምልሰላ'ሞ፡ "ኣብዚ ጥራይ ጽንሓዮም፣ ባዕለይ ናብዚ ከምጽኣልካ እየ" ኢላ ንኣሕዋቱ ከተምጽእ ባዕላ ናብ ኣስመራ ተበገሰት፡፡ ኣደኡ ንኣሉላ ሞይታ ስለ ዝነበረት፡ ኣደይ ንሰለስተ ኣሕዋቱ ሒዛቶም ብምምጻእ ኣብ ገዛና ኣራኸበቶ፡፡

ካብቶም ሰለስተ ኣሕዋት እቶም ክልተ ንኣሽቱ ኾይኖም ማና ግን ዓባይ እያ፡፡ ኑቶም ክልተ ንኣሽቱ ኣሕዋታ ባዕላ ማና እያ ትኣልዮም ነይራ፡፡ ኩሎቶም ኣሕዋት ኣብ ገዛና ብሓደ ቐንጸም ማና ሒዛቶም ናብ ኣስመራ ምስ ተበገሰት፡ ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ዓድታት ከበቢና ከም ዝኣተዉ ወረ ይዝርጋሕ፡፡ ንኣሉላ ሽጋራ ከምጽኣሉ ናብ ላዕላይ ሊባን ተሳኢኸ ምስ ከደኩ፡ ኣብቲ ደኳን "ህዝባዊ ሓይልታት ዓዲ ናህባይ፡ ባምብቆ፡ ሰፍኣ ሐዞሞ" እናበሉ ከወርዩ ሰሚዐ፡፡ "መን'የም ህዝባዊ ሓይልታት?"



ተጋዳሊት ብርኽቲ ኣብርሃም ኣብ ክ/ታዕሊም - ዒላባቡ (1986)

ኢለ እንተ ሓተትኩ፡ "እዞም ናይ ባሕሪ" ኢሎም ምስ ኣብርሁለይ ዝያዳ ተረዲኣኒ፡፡ ምኽንያቱ፡ ህዝቢ ንህዝባዊ ሓይልታት "እቶም ናይ ባሕሪ" እናበለ ካብ ተጋደልቲ ጀብሃ ፈልዩ ከም መርቀነሲ. ይጥቀመላ ነይሩ እዩ፡፡

ማዕረ ማዕረ ብዝዕባ ምምጻእ ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር፡ ተጋድሎ ሓርነት'ውን ጠቕሊሎም ንበርኻ ከም ዝወረዱ ኣብቲ ደኳን ምስ ተወርዩ እናተበቆጸኩ ንገዛና ወረደ ነደይን ንወደኾይን ኑቲ ዝተባህለ ወረ ገለጽኩሎም፡፡ ኣደይ ከኣ፡ "ንዓ በል ንሓብኣ ኣብልካ እልይ በል'ሞ ንብጻትካ ረኺብካ ኣጸርዮ" በለቶ፡፡ ኣሉላ ሽዓ ካብና ምስ ከደ ከይተመልሰ ብኣ ኣቢሉ ሱዳን ኣትዩ፣ ሕጂ ብህይወት ኣብ ወጻኢ. ሃገር ኣሎ፡፡

ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ከይዳ ህዝባዊ ግንባር ንመጀመርታ ግዜ እግራ ኣብ ዓድና ክትረግጽ ከሎ፡ ኣብ ዓድና ዝኑበር ዝነበረ ህዝቢ ኩሉ ሕጉስ ነይሩ እንተ ኢለ ምግናን ከይከውን፡፡ ብዘይካ እቶም ብውሽጠውሽጢ ምስ ህዝባዊ ሓይልታት ተወዲቦም ዝጸንሑን ብእኣቶምን ብኻልእ መንገድን ንቕሓቶም ዝበረኸ ሓደት፡ ዝበዝሐ ሰብ ብሰበኻ ተሓኤ ተዋሒጡ ስለ ዝጸንሐ ንዕላማን ፕሮግራምን ህዝባዊ ግንባር ብዝምልእ ይፈልጥ ነይሩ ምባል ኣጸጋሚ እዩ፡፡ ብሓፈሻ ግን ህዝቢ ዕርቂ ደኣ ይደሊ ነበረ'ምበር ሓደ ውድብ ኑቲ ኻልእ ክበልዖ ፍጹም ድሌት ኣይነበሮን፡፡ ምኽንያቱ፡ እተን ከም ክልተ ብሌን ኣዒንቱ ዝርእየን ውድባት፡ ቁምነገር ከይገበራ መፍቶ ጸላኢቲ ከይኩና ዓቢ ስግኣት ስለ ዝነበሮ፡፡ ስለ'ዚ እቲ ንህዝባዊ ግንባር ብዕምቆት ክፈልጣ ዘይጸንሐ ህዝቢ፡ ንተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ጸቡቕ ኣቀባቢላ'ውን እንተ ገበረሎም፡ ከም ደቁን ኣሕዋቱን ደኣ'ምበር ዘተስፉ ፖለቲካዊ ለውጢ መጺኡና ኢሉ ስለ ዝኣመነ ክበሃል ኣይከኣልን፡፡ ኣደይ ድማ ሓንቲ ካብዚኣቶም ነበረት፡፡

ይቕጽል

# ሕብራዊት ብርዒ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ዝርኣዩ ጸገማት

ኣብዚ ዘለናዮ እዋን፡ ማሕበራዊ መራኸቢታት ሓደ ዓቢ ክፋል ህይወት ኩይኑ ኣሎ። ኣብ ማሕበራዊ፡ ቀጠባዊ፡ ብዓብኡ ምሽት እንጥቀመሉ ግዜ ። ማሕበራዊ መራኸቢታት ልክዕ ከምቲ ክልተ ዝብልሑ ሴፍ እዩ፡ ብኸመይ ትጥቀመሉ ከኣ ኣገዳሲ እዩ።

• ውልቃዊ ህይወትካ ብዘይ ገደብ ምክፋል፦ ኩሉ ዝምድናታትካ፡ መዓልታዊ ምንቅስቓሳትካ ኣብ ማሕበራዊ ሚድያ ምዝርጋሕ ኣድላዪ ኣይኮነን። እኳ ደኣ ሓደገኛ ሳዕቤን ኣለዎ። ንኣብነት፡ ናብ ከምዚ ቦታ ይገይሽ ኣለኹ፡ ኢልካ ኣብ እትዝርግሓሉ፡ ብዙሕ ሰብ ብቲ ጸቡቕ ነገር ክሕጎስ ይኽእል ይኸውን፡ ምንቅስቓሳትካ ተኸታቲሎም ገዛኻ ክዘምቱኻ ዝደልዩ ሰባት ክህልዉ ከም ዝኽእሉ ግዳ ዘይምዝንጋዕ። እቲ ምንታይሲ፡ ማሕበራዊ ሚድያ ከምቲ ጸቡቕ ጎድኑ፡ ኣሉታዊ ጎድኒ እውን ዘለዎ ብምዃኑ።

• ንኽብርኻ ዘጉድል ክዳን ተኸዲንካ ምዝርጋሕ፦ ዝኾነ ሰብ ደስ ዝበሎ ክዳን ክኽደን ናጽነት ዘለዎ እኳ እንተኾነ፡ ዘይስነምግባራዊ ክዳን ተኸዲንካ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ምዝርጋሕ ግን ክብርኻ ዘጉድል እዩ። ዘይናቶም ስእሊ ዝዝርግሑ ሰባት ከምዘለዉ'ውን ዘይምዝንጋዕ። ንኣብነት፡ ኣብ ውራይ ከም መርዓን ካልእን ዘይስነምግባራዊ ኣኩዳድና ምስ ትኽደኑ እቲ




ቪድዮ ብማሕበራዊ መራኸቢታት ኣቢሉ ናብ ኩሉ ስለ ዝዝርጋሕ ኩሉ ሰብ'ዩ ዝዕዘቦ። እዚ ጸገም'ዚ ኣብ ደቂ-ኣንስትዮ ብዝበዝሐ የጋጥም እዩ፡ ኣሉታዊ ጽልዋ ድማ ኣለዎ። ካብቲ እናጸደፍካ ከለኻ ዘድሕነካ ሰብ እቲ ንኽስእለካ ዝጸዩ ደብዘሉ፡ ሰብ ንኽስእል እዩ ዝጸዩ።

• ንሰባት ብመንነቶም፡ ብዘቕመጥሉ ቦታን ኣተዓብብየኦምን ምውቃስ፦ ማሕበራዊ መራኸቢታት ኣናዋጺ ዝኾኑሉ እዋን ኣሎ። ምውቃስ፡ ጸለመ፡ ምግናንን ካልእን ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ዝርኣዩ ልሙዳት ተርእዮታት እዮም።

• ምብኻን ግዜ፦ ኣገዳሲ ክፋል ናይ ህይወትካ ምብኻን እዩ። ዝጸረፉ፡ ዓሌትነት ዝሰበኩ፡ ጸዩፍ ኣሳእል ዝዝርግሑ፡ . . . እዚም ኩሎም ተደማሚሮም፡ ብዜኸተቲ ግዜኻ ዘጥፍኡ፡ ኣብ ስነ ኣእምሮኣዊ ርጉእነትካ እውን ጽልዋ ኣለዎም።

• ወልፊ፦ ሰባት መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ሓቀኛ ህይወት ዘለዎም ሓላፍነት ዕሽሽ ብምባል፡ ብዙሕ ግዜ ኣብ ኢንተርነት ከሕልፉ ይኽእሉ። እዚ ወልፊ'ዚ ድማ ሕጽረት ኣፍራይነት፡ ጭንቀትን . . .ወዘተ ከስዕብ ይኽእል።

• ሕጽረት ብኣካል ምርኻብ፦ ማሕበራዊ መራኸቢታት እናስፍሐ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ፡ ሜላ ሜላ፡ ሰባት ብኣካል ናይ ምትእስሳር ዝንባለኦም እናነከየ ይኸይድ ኣሎ። እዚ ድማ፡ ዓሚቕን ትርጉም ዘለዎን ዝምድናታት ኣብ ምምዕባል ኣጸጋሚ ይገብሮ።

• ማሕበራዊ ተጸልኦ፦ ማሕበራዊ መራኸቢታት ሰባት ምስ ካልኦት ብቐሊሉ ንኽራኸቡ ክገብሮም ይኽእል እዩ። እንተኾነ ግን ናብ ማሕበራዊ ተጸልኦ እውን ክበጽሕ ይኽእል እዩ። ሰባት ዝያዳ ግዜኦም ኣብ ኢንተርነት ከሕልፉ ስለ ዝኽእሉ፡ ናብ ስምዒት ጽምዋን ማሕበራዊ ተጸልኦን ይቃልዑ።

• ምውድዳርን ቅንኢን፦ ማሕበራዊ መራኸቢታት መብዛሕትኡ ግዜ ሰባት ንዓበይቶም ምስ ካልኦት ከወዳድሩ ስለ ዘተባብዑ ስምዒት ቅንኢን ዘይዕግበትን የስዕቡ። እዚ ድማ ጭንቀትን ስነኣእምሮኣዊ ጸገማትን ከስዕብ ይኽእል።

## ሰካቡሊ

ሰካቡሊ ዘይተመርዓወ/ት ንበይኑ ዝነብር እዩ፡ ንኽልቲኡ ጾታ ዝምልከት እኳ እንተኾነ፡ ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ምስራሕ



መግቢ ብዘርእይዎ ባህሪ ፍሉይነት ኣለዎ። እቲ ሰካቡሊ ወዲ ተባዕታይ ምስ ዝኸውን፡ ቀዳመይቲ ቅጅል ትብሎ ሰራሕ ከሸነ እያ። ገለ ድማ ብኣንጻሩ፡ “ሓዳር እምበር ሽጉርቲ ኣየንብዕናን እዩ” ብምባል ይገልጽዎ እዮም። ህይወት ሰካቡሊ ብዙሕ'ዩ ዓይነቱ።

መብዛሕትኦም ዝተመርዓዉ ሰባት ነቶም ዘይተመርዓዉ ምስጢር ኣይነግርዎምን እዮም። መብዛሕትኡ ግዜ 'ተመርዓዉ' ብምባል እዮም ዝጐስጕስዎም። ብዝርዝር ኣነ ምስ ተመርዓኹ ከምዚ ረኺበ፡ ኣብ ከምዚ ለውጢ ኣምጺኤ፡ ከይተመርዓኹ ከምዚ እንተ ዝነብር ነይረ .. ኢሎም ብዝርዝር ኣይነግርዎምን እዮም። ዝተመርዓዉ ሰባት ንበይኖም ክእከቡ ከለዉ ግን፡ ዘይሓብእዎ ምስጢራት ኣለዎም። ንድሕሪት ተመሊሶም፡ 'ከይተመርዓና እንከለና ከምዚ እንተ ንነብር ነይርና፡ ዝያዳ ዝሓሸ ነይሩ' ዝብልዎ፡ ግን ከኣ ንዘይተመርዓዉ ዘየካፍልዎም ምስጢራት ኣሎ። ሓደ ሰካቡሊ ከይተመርዓወ እንከሎ እንተ ገበሮም ዝምረጹ።

• ናብ ዝምድና ንምእታው ታህዋኽ፦ ዝኾነ ነገር ክትገብሮ ክትህወኽ ትኽእል ኢኻ፡ መብዛሕትኡ ኣብ ህይወት እትገብሮ ጌጋታት ይእረም እዩ። ብዙሕ ስምብራት ዘለዎም ከኣ ኣይኮኑን። ናብ ዝምድና ንምእታው ምስ ትህወኽ ግን ዋላ እንተ ተኣረምካሉ ስምብራት ክገድፈልካ ግድን እዩ። ተሃዊኹ ከምዚ ክገብር ነይሩኒ ካብ ዝብል ጣዕሳ ድማ ትድሕን።

ህይወት ሰካቡሊ ስለ ዘሰልክዩካ ናብ ዕርክነት ክትኣቱ ኣለካ ማለት ኣይኮነን። ብኸምዚ ጣዕሳ እዚ ዘማርሩ ኩሉ ምስ ኑበስና ግዜ ክሓልፍ ነይሩና፡ ናይ በይንና ግዜ ክንስተማቕር ነይሩና፡ ንኑበስና ዝያዳ ክንፈልጣ ነይሩና፡ ብምባል እዮም ጣዕሳኦም ዝገልጹ። ዝምድና ተገዲድካ ወይ ኣማራጺ ብምስኣን ትኣትዎ ኣይኮነን። ፈቲኻ ሓሲብካ ኣሰላሲልካ ጥቕሙ ተረዲእካ ደልዲልካ ምስ እትኣትዎ ዝያዳ ኣድማዒ ይኸውን።

• መጀመርታ ነብስኻ ህነጽ፦ ቅድሚ ናብ ሓደ ዕቱብ ዝኾነ ዝምድና ምእታውካ፡ ንነብስኻ ምህናጽ ኣገዳሲ እዩ። ምምዕባል ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ምሉእ ብምሉእ ነብስኻ ፈሊጥካ ጉድለታትካ እናኣረምካ ናትይ ትብሎ መንገድን ዕላማን ምስ ሓዝካ፡ ኣብ እትፈጥሮ ዝምድና ዓቢ ተራ ኣለዎ። ናብ ዝምድና፡ ክትስራሕ ኣይኮንካን ትኣቱ። እንታይ ደኣ ተሰሪሕካስ ከተበርክት ኢኻ እትኣቱ። ዝምድና ብቐጠባ ክትድልድል ኢልካ እትኣትዎ ኣይኮነን። ዝምድና “ተስዓን ሓሙሽተን ሚእታዊት ክህብ ሓሙሽተ ሚእታዊት ከኣ ክቕበል” ኢልካ ክትኣትዎ ኣሎካ። ክትህብ እንተ ደኣ ኺኢልካ ግን ዝውሃብ ክህልወካ ኣሎ።

• መጻምድትኻ ከመይ ክኸውን ከም ትደሊ ምፍላጥ፦ መብዛሕትኡ ሰብ ብዛዕባ ነብሱ ኣይፈልጥን እዩ። ዘይውዳእ ድሌታት ናይታ መጻምድቱ ክትከውን ዝደልያ ጥራይ እዩ ዝፈልጥ። ፈለማ ናይ ገዛእ ርእስኻ ጸባቕ ክተለሊ ወይ ብጽሑፍ ከተቕርቦ ኣሎካ። ብድሕሪኡ ናብ'ቲ እትደልዮ መጻምድቲ ከማልኦ ዘለዎ ትኣቱ። ቀዳምነት ትሰርዖም ወይ ከም ኣፉኩድ ትብሎም፡ ነገራት ተቐድም። ትደልዮ ዘይትፈልጥ እንተ ደኣ ኺንካ ግን ዝኾነ ኢኻ ከተልዕል። ዝኾነ ከተልዕል ከለኻ ዝመጽእ ሳዕቤን ድማ ርዱእ ነገር እዩ።

• ናጽነትካ ኣስተማቕር፦ ንበይንኻ ከለኻ እትደልዮ ነገር ግበር። ጽባሕ ንግሆ ምስ ካልኣይቶትኻ ኢኻ ክትነብር። ሓድሽ ናይ ስፖርት፡ ሓድሽ ናይ ቋንቋ፡ ሓድሽ ትምህርቲ፡ መዚቃ ናይ ምምሃር ወይ ምዕባይ መደብ እንተ ደኣ ኣለካ ኩይኑ ዝያዳ ከይተመርዓኻ እንከለኻ እቲ ዕድላት ይዓቢ። እቲ ምንታይ ከይተመርዓኻ እንከለኻ ዝያዳ ናጽነት ኣሎካ። ናጽነት ናይ ግዜን ገንዘብን። ስለ ዝኾነ ከኣ ከይተመርዓኻ እንከለኻ ክትገብሮ ይቕለል። ምስ ተመርዓኻ ብድሕሪኡ ክትቕጽሎ ዘሎ ዕድላት ዝዓበየ ይኸውን።

• ርጉእ ቁጠባ ክህልወካ ጸዓር፦ ቁጠባ ሓደ ዓቢ ክፋል ህይወት እዩ። ብቑጠባ ምስ ትድልደል ኣብ ሓዳር ዘጋጥም መሰናኽላት የጓድሎ እዩ። ኣብ ፍቕሪ ከማን ተራ ኣለዎ። ብሰንኪ ገንዘብ ኣብ ሰብ ሓዳር ጭቕጭቕ ይፍጠር እዩ። ስለዚ በይንኻ እንከለኻ ገንዘብ ምቑጣብ ተላመድ። እዚ ምስ ትገብር ናይ ቁጠባ ጸቕጢ ኣይክህልወካን እዩ።


• ግሉጽነት ኣማዕብል፦ ጸቡቕ ዝኾነ ግሉጽነት ሓደ ካብቶም ምስጢራት ዕውት ሓዳር እዩ። ካብ መጀመርታ ሌላ ኣትሒዝካ ዝፍጠር ግሉጽነት ከኣ ነቲ ምርድዳእ የዕብዮ እዩ። ዝጋጠመካ ወይ ዝደልየካ ነገር ግልጺ ኩይንካ ምዝራብ፡ ኣብ መጻምድትኻ ክትርእዮ ዘይትደሊ ነገር ብናጽነት ክትገልጽ ኣሎካ።

• ጸቕጢ ሕብረተሰብ፦ ሕብረተሰብ ጸቕጢ ክገብረልካ ኣይተፍቅድ። ሓደ ሰብ ብዕድመ ስለ ዝኣኸለ ጥራይ ኣይኮነን ዝምርዖ። ኣብ'ቲ እኹል ዕድመ ዝበዝሐ ስለ ዝበጽሕካ ካልእ ነገራት ኣብ ግምት ከየእተኻ ክትምርዖ ኣለካ ማለት ኣይኮነን። ኣብ ሕብረተሰብና ዓቢ ጸቕጢ ኣሎ። ብፍላይ ተሃዊኽካ ዕድመኻ/ኺ ስለ ዝኣኸለ ክትምርዖ ኣለካ ማለት ኣይኮነን። ክትምርዖ ስለ ዘለካ፡ ቅሩብ ኢልካ ምስ ኣመንካ እቲ ክትገብሮ ዘለካ ነገራት ምስ ገበርካ እንተ ተመርዓኻ እዩ ዝሓይሽ። ናይ ሕብረተሰብ ትጽቢት ክትበጽሖ ኢልካ ሸበድበድ ምባል ተመራጺ ኣይኮነን።

## ገንዘብ ንኸይተዋህልል ዝገብሩ ልምዲታት

ሰብ ብባህርኡ ፈታዊ ጸቡቕ ነገራት ስለ ዝኾነን ብዘበለጸ ጥረ ነገራት ስለ ዝተኸበበን ብድሌታት ስምዒታቱ ተዋጢሩ ዝርኣዮ ነገር ንምሽማት ዝተቓለሰ እዩ። በዚ መሰረት፡ ከይተፈለጦ ናይ ሓሻሽነት ባህሪ የማዕብል። ሓሻሽነት ድማ እቲ ዝኸፍኣ ወልፊ እዩ። ሓደ ካብቲ ንጃፓናውያን ኣብ ዝለዓለ ጥርዚ ምዕባለ ከብጽሖም ዝኸኣሉ ኣብታ ሃገር ዘሎ ናይ ምቁጣብ ልምዲ ምኻኑ ይንገር። ሰድራቤታት ትሕቲ ማጠን እቶተን ክሽምታ ከም ዘለወን ይፈልጣን ብጉዝብሪ ይሰርሓሉን እየን። ብቲ ዘዋህለልኦ ገንዘብ ተሓጊዘን ድማ ማሕበራዊ መትከብሮአን ክልውጣ ሓጊዙወን። ሓደ ሰብ፡ ኣታዊታቱ ምስ ዝወሰኽ፡ ነቶም ብሰንኪ ሰእነት ገንዘብ ዓጊቱዎም ዝጸንሐ ቃሕታታቱ ቀልጢፉ'ዩ ዝፍጽሞም። ናይ ምሕሻሽ ወይ ምህላኽ ድሌቱ ድማ ቀልጢፉ ይወሰኽ። እቲ ክቆጻጸሮ ዘይክኣለ ገንዘቡ ከኣ ሓዚዎ ይጠፍእ። ገንዘብ ብዘተፈላለየ መንገዲ ናብ ጁባኻ ምስ ኣተወ ከመይ ኣቢልካ ትዕቅቦ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። ምሕደራ ገንዘብ ምስ ትኽእል፡ ኣብ ናብራኻ፡ ህይወትካ፡ ቀጠባኻ ዓቢ ጽልዋ'ዩ ዘለዎ። ኣታዊታትካ ይወሓድ ይብዛሕ ብዘየገድስ፡ ገንዘብ ንኸይተዋህልል ዝገብሩ ልምድታት ኣለዉ። ገለ ካብኣቶም፦

• ኣበይ ብዙሕ ገንዘብ ትሕሽሽ ዘይምፍላጥ፦ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ዓበይቲ ነገራት እተውጽኦ ገንዘብ ፍሉጥ እዩ። እቲ ንኣሽቱ ዝበሃል እሞ ኸኣ፡ መዓልታዊ ዘይጋጥም'ዩ ተደሚሩ ዘይተኣደነ ወጻኢታት ዝኸውን። እዞም ንኣሽቱ ወጻኢታት ተዘክርቲ'ውን ኣይኮኑን። እቶም ንኣሽቱ ዝበሃሉ ዘለዉ ወጻኢታት ብዋበእ ክፍለጡ ምስ ዘይክእሉ ኸኣ፡ ገንዘብ ንምውሃል ኣጸጋሚ እዩ። ካብ ዓርከ-መሓዛ ንኸይትፍለ ክትብል ምስ ቀጠባኻ ዘይከይድ ኣብ ቤት መግቢን ካልእ ሃብታም ዝመስሉ ነገራትን ገንዘብ ምጥፋእ፡ ገንዘብ ከም ዘይተዋህልል ዝገብር ልምዲ እዩ።



• ባጀት ዘይምስራዕ፦ እቲ ትሰልዖ ገንዘብ፡ ኣብ ባይታ ዝወዕልን ክቀያየር ዝኽእልን ክኸውን ኣለዎ። እቲ ቐንዲ ዕላማ ድማ፡ ገንዘብ ምሕሻሽ ደው ምባል ዘይኮነ ምስ ቀጠባኻ ዝኸይድ ኣታሕዛ ገንዘብ ምልማድ እዩ። ንእግሪ መንገድኻ ምሕሻሹ ናብ ሓደ ቦታ ክትወጽእ ከለኻ፡ እዚ ልምዲ ንምውጋድ ዘድልየካ ማጠን ገንዘብ ጥራይ ሒዝካ ምውጻእ እዩ። ካብ'ቶም እትሽምቶም ነገራት ኣብ ህይወትካ ናይ ብሓቂ ኣገዳስነትን ወሰንትን ደዩም ኣይኮኑን ብዘየገድስ ከይኣመዝገንካ ስለ እትዕድጎም፡ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ትመንምም። ፈጺምካ ኣብ መዓላ ከይኣውዓልካዮም ድማ ትጉሕፎም። ብሓሻሽነትን ኣህላኽነትን ዝበጽሕ ምዕባለ ወይ ለውጢ መትከብሮ ከም ዘየለ ምግንዛብ ጸቡቕ'ዩ።

• መዓልታዊ እትገብሮ ንኣሽቱ ወጻኢታት ምንጻግ፦ እቲ መዓልታዊ ሽልል እትብሎ ወጻኢታት ምስ ዝድመር ብዙሕ እዩ። ገለ ወጻኢታት ብምሕር ሕሰራት ምኻኖም ንግዜኡ ኣይረድኡኻን እዮም። መዓልታዊ ሽልል ብምባል ዝጠፍኡ ገንዘብ ምስ ዝድመሩ ግን ካብ ትጽቢት ንላዕሊ እዮም።

• ዕዳ ይጽንሓለይ ምባል፦ ብፍላይ ወለድ ዘለዎም ዕዳ ይጽንሓለይ ምባል ገንዘብ ከም ዘይተዋህልል እዩ ዝገብሮ። ዕዳ ኣብ ግዜኡ ምኽፋል ተመራጺ እዩ።

# ምልክታት ምብቃዕ እንኮ-ቀጽራዊ ስርዓት

ኣዲብ ዓብዱ

ድሕሪ ምዝዛም ካልኣይ ኲናት ዓለም፡ ስዕረት ናይ'ተን ብሓይልታት ኪዳን (ወይ ልፍንቲ Axis) ዝፍለጣ ዝነበራ ሃገራት ማለት ጃፓን፡ ኢጣልያን ጀርመን ስለዝገጠመ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ሶቭየት ሕብረትን ላዕለዋይ ኢድ ሒዘን'የን ወጺአን፡፡ ይኹን'ምበር፡ ክልቲአን ዓበይቲ ሓይልታት ካብ 1950'ታት ኣብ ክልተ ደምበታት ተመቒለን፡ ክሳብ ምብትታን ሶቭየት ሕብረት ኣብ 1991፡ ኣብ ከቢድ ናይ ስሑሓሱብን ምምዕባል ኣጽዋርን ውድድራት ተሸሚመን ነይረን፡፡ ምስ ምፍራስ ሶቭየት ሕብረት ግና ሓይሊ ሚዛን ስለዝዘበለ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ እታ እንኮ ዓባሊት ሓይሊ ኮይና፡ ንዓለም ክትመርሕ ጀሚራ፡፡

እቶም "ዓለም ድሕሪ ሕጂ ብናትና ዓብላልነትን ስሑሓሱብን'ያ ክትምራሕ" ዝብሉ ብNeo-conservative ዝፍለጡ ውሑዳት ሰብ ፍሉይ ረብሓ ኮይኖም፡ ቀጥባ ተቖጻጺሮም፡ ንዓለም ንረብሓታቶም ብዘገልግሉ መልሕቓት ኣብ ዞባታት ብምምቕቓል፡ ሃገራት ሰላምን ርግኣትን ንክይረኽባ፡ ከም'ኡ'ውን ኣብ ሓድሕደን ምትእምማን ንኸይህልወን፡ ቅልውላዋት ብምስዋርን ብምፍጣርን ከይኣክል ንምምሕዳሩ ዘገልግል መርበባት ብምዝርጋሕ፡

ዓለም ጉዕዝኣ ናብ ብዙሕ ቀጽራዊ (Multipolar) ስርዓት ንምቕናዕ ዘተባብዕ ኩነታት ኣርእየን ኣለዋ፡፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ፡


ሓርነታትን ህዝብታት ኣብ ሓደጋ ስለዘእተወ'ዩ፡፡ ኣብ ዓለም ካብ ዝፍጸም ቅልውላዋት፡ ብቐጥታ ይኹን ብኣደ

ምስሶ ልዑል ታሪፍ ኣብ ፍርያት ብኤለክትሪክ ዝሰርሓ መካይን ቻይና. . . ወዘተ ኣብኡ ከምዝኸዳ የረድኣ፡፡

ዘሎምታዊ እንተኹነ - ይመጽእ ስለዘሎ፡ ኣብ ዓለምለኻዊ ጉዳያት ምዕሩይ ጠመተ ክህሉ ትጸቢት ከምዝዀነ ይእመት፡፡

ብ15 ሰነ 2001 ዝተመስረተ ውድብ ምትሕግጋዝ ሻንጋይ፡ ሓደ ካብቲ ንብዙሕ ቀጽራዊ ስርዓት ዘደፋፍእ ምትእኽኻብ ከምዝኾነ'ዩ ዝግለጽ፡፡ እዚ ኣብ ፈለማ ንሽዱሽተ ሃገራት ማለት ንሩስያ፡ ካዛኪስታን፡ ኪርጊስታን፡ ቻይና፡ ታጃኪስታንን ኡዝበኪስታንን ዝጠርነፍ'ኳ እንተነበረ፡ ኣብ 2017 ህንድን ፓኪስታንን፣ ኣብ 2023 ኢራን፣ ኣብ ሓምለ 2024 ድማ ቤላሩስ ተጸንቢረንኦ ኣለዋ፡፡ ከም'ቲ ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን ኣብ ወርሒ ሓምለ 2024 ዝበሎ ድማ፡ "ምስፋሕ ቀጥባዊ ምትእኽኻብ BRICSን ውድብ ምትሕግጋዝ ሻንጋይን፡ እዮም ኩርናዕን ኡብራቕን ናይ'ቲ ዝውለድ ዘሎ ብዙሕ ቀጽራዊ ዓለማዊ ስርዓት'ዩ" ክበሃል ከምዝከኣል ብዙሓት ይሰማምዑ፡፡

ኣብ ወተሃደራዊ መዳይ እንተርኢና'ውን፡ ንዘጋንሐ ዓርሞሸሽ ሓይሊ ኣመሪካ ዝብድህ ዝተፈላለየ ተርእዮታት እናተጋህደ ይመጽእ ከምዘሎ ይጥቀስ፡፡ ሰሜን ኮርያ፡ ኢራንን ካልኦትን ኣብ ምፍራይ ዝተራቐቐ ስትራተጂካዊ ኣጽዋር ኣመዝጊበንኦ ዘለዋ ኩነታት ኡብራቕ ናቱ'ዩ፡፡ ኣብ ዓለምለኻዊ ጉዳያት ተመሳሳሊ መርገጺ ዘለወን ሃገራት ድማ ኪዳናት ይምስርታ ስለዘለዋ፡ ብዙሕ ቀጽራዊ ዓለማዊ ስርዓት ግሃድ ይኸውን ከምዘሎ ኣየጠራጥርን፡፡




ቀጥባ ቻይና ንቀጥባ ኣመሪካ ሓሊፉ ቀዳማይ ደረጃ ክሰርዕ ዝተረፎ የለን፡፡ ኣብ ቴክኖሎጂ፡ ስፔስ፡ ወተሃደራዊ. . . ወዘተ እውን ልዑል ናይ ምዕባለ ዓቕሚ ኣጥርያ ትርከብ፡፡ ንቕሓት ማሕበረሰብ

ኣዘር ናይ ኣመሪካ ኢድ ዘለዎም ዳርጋ ኩሎም'ዮም እንተተባሂለ ምግናን ኣይኮነን፡፡ ቅልውላው ሚሳይል ኩባ፣ ኣብ መንጎ ዓረብን ኢራንን ዝተኻየደ ኩናት፣ ውግእ ወሽመጥ ዓረብ፣ ውሑድ ካብቲ ብዙሕ'ዩ፡፡

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ዝዓበየ ኣብነት ናይ'ቲ ብኣመሪካ ዝምራሓ ሃገራት ምዕራብ ዝፈጠርኦ ሽግር፡ ኩናት ዩክሬን'ዩ፡፡ ኣመሪካ ንሩስያ ክትድርትን ክተዳኽማን ብምባል፡ ንዩክሬን ፕኽሻል ኣብ ምግባር ትርከብ፡፡ ኣመሪካ፡ ነቲ ሩስያ ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ከተመዝግቦ ዝጸንሐት ኩነታት ንምግታእ፡ ነቲ ኣብ ባንክታት ምዕራብ ዝነበረ ብልዮናት ዶላር ሩስያ ኣብ ርእሲ ምድስካሉ፡ ናብ ሃገራት ኤውሮጳ ትግበሮ ዝነበረት ሰደድ ጸዓት ብቐንዱ ድማ ጋዝ እገዳ ኣንቢራትሉ፡፡ እዚ ግና፡ ከምቲ ዝተወጠኖ ኣይከደን፡፡ ብኣንጻሩ፡ ከም ሩስያ ዝኣመሰለ ተመሳሳሊ መርገጺ ዘለወን ሃገራት፡ ኣብ ዝጉበርኦ ትውፊታት ንዶላር ከም ባጤራ ብምውጋድ (De-dollarization) ናይ ሓድሕደን ባጤራ ክጥቀማ ተሰማሚዐን ኣለዋ፡፡ ንኣብነት፡ ቻይናን ሩስያን ዝጉበርኦ ትውፊታት ብዩዋንን ሩብልን ክኸውን ተሰማሚዐን ኣለዋ፡፡ እዚን ካልእን ሰጉምቲታት፡ ነቲ ኣመሪካ ብመንገዲ ዶላርን ኣብ ምዕራብ ዝመደበረን ፊናንሺያውያን ትካላትን ክትገብሮ ዝጸንሐት ጸቕጢ ክፉኸሶ ጀሚሩ ኣሎ፡፡

ዘይተኣም ትጸቢት ኣመሪካ፡ ሩስያ ኣብ ወተሃደራዊ መዳይ ዝለዓለ ኩነታት ብምምዝጋብ፡ ነቲ ንምኽርዳና ዝተወጠነ ውዲት ምዕራብ ፈናጢሳ ቀመናኣ ኣብ በሪኽ ደረጃ ከምዝርከበ'ዮም ተንተንቲ ፖለቲካ ዘረድኡ፡፡ ሃገራት ኤውሮጳ፡ ብጸቕጢ ኣመሪካ ነቲ ካብ ሩስያ ዘእትወኦ ዝነበሩ ጋዝ ደው'ኳ እንተነበራ፡ ፍርያት ጋዝ ሩስያ ብኻልኦት ሃገራት እሲያ ልዑል ጠለብ ክረክብ ግዜ ኣይወሰደን፡፡ ብኣንጻሩ፡ ንሓያሎ ሃገራት ኤውሮጳ ኣብ ናይ ጸዓት ቅልውላው ሸሚምወን ይርከባ፡፡

ኣመሪካ፡ ንቻይና ንምድራትን ንምድኻምን እትገብሮ ምንቅስቓሳት'ውን፡ ሓደ ካብ'ቲ ንብዙሕ ቀጽራዊ ዓለማዊ ስርዓት ንምቅዋም ዝጠበ ከምዝኾነ ዝጠቕሱ ተንተንቲ ፖለቲካ፡ ኣብ ምድራት ፍርያት ከብንያ ሀዋወ፣

ብፍላይ ድማ፡ ኣብ ዞባ ኢንዶ - ፓስፊክ ኣንጻር ቻይና ዝዓለመ ምስፍሕፋሕ፣ ከም'ኡ'ውን ንደሴት ታይዋንን ካልኦትን ዝተራቐቐ ኣጽዋር ምሻጥን ምምጣውን ዘጠቓልል ንጥፈታት ዘንጸባርቕ እንተሎ፡ ኣመሪካ ንቻይና ንምድራት ኣብ ጽዑቕ ምንቅስቓስ ተጸሚዳ ከምዘላ'ዩ፡፡ ኣንጻር ኩሉ'ዚ ብድሆታት ግና፡ ቻይና ተመዝጊቦ ዘላ ኩልንትናዊ ምዕባለታት፡ "ነቲ ብዙሕ ቀጽራዊ ዓለማዊ ስርዓት




ኣይሰምርን'ዩ" ዝብል መጉት ዝለዓም ፖለቲከኛታት ምዕራብ፡ ክልተ ግዜ ክሓስቡ ገይሩዎም ኣሎ፡፡

ንፖሊሲ ዓብልል-ጉብጥ ናይ ኣመሪካ ዝቃወማ ሃገራት፡ ቁጽረን እናወሰኸ ይኸይድ ስለዘሎ ቡቲ ሓደ፣ ምስኦን ንሓባራዊ ረብሓ ዝንቀሳቐሱን ዝዋጽን ምትእኽኻብት ሃገራት (ሻራ ዘይብለን ሃገራት፡ ውድብ ምትሕግጋዝ ሻንጋይ፡ BRICS. . .ወዘተ) ድማ በቲ ኻልእ፡ ንሃገራት ምዕራብ ቀንዲ ብድሆ ኮይኑ ኣሎ፡፡ ከም ትንታነ ናይ ቀጠባን ፖለቲካዊ ሰፍልጠትን ክኢላታት፡ እተን ተገሊለን ዝጸንሓ ኣብ ትሑት ደረጃ ምዕባለ ዝርከባ ኣብ ኣፍሪቃ ይኹን ኣብ ላቲን ኣመሪካ ዝርከባ ሃገራት፡ ናብ ካልኦት ጸለውቲ ሃገራት ክቐርባን ምስኣን ብሸርክነት ክሰርሓን ኣማራጺታት ረኺበን ኣለዋ፡፡ በዚ ድማ፡ እቲ ኣብ ንግድ ዝነበረ ማሕንቖታት ክፈኩስ ክኢሉ ምህላዉ'ዩም ዝጠቕሱ፡፡ ለሚ ብቀጠባን ወተሃደራውን መዳያት ሓያላን ዝበሃላ ሃገራት ደጠዘላ ስለዘለዋ፡ እቲ ኣማራጺታት በዚሑ ከምዘሎ ዝሕብሩ ምሁራት ፖለቲካዊ ስፍልጠት፡ ምዕሩይነት ሓይሊ - ዋላ'ኳ



ጹጋታትን ባህርያዊ ሃብቲን ክዋሕጡ ምርኣይ ልሙድ ኮይኑ ኣሎ፡፡ ናይ ሊብያ፡ ዒራቕ፡ ኣፍጋኒስታን. . . ወዘተ ህያው ኣብነት'ዩ፡፡ ስሑሓሱብ ዓብልል-ጉብጥ፡ ንዓለምና ናብ ሓደገኛ ኣንፈት ክወስዳ'ዩ ጸኒሑ፡፡ ዓብላልነቱ ኣብ ቀጠባዊ ንጥፈታት፡ ፖለቲካን መራኸቢ ብዙሓንን ብምርግጋጹ፡ ሓደገኛ ኣንፈት ሒዙ ይጉዓዝ ኣሎ፡፡ ንስሑሓሱብን ዓብልል-ጉብጥ ናይ ኣመሪካ ዝቃወማ ሃገራት ድማ፡ ኣብ ልዕሊኣን ዘይፍትሓውን በይናውን እገዳታት ክጸንዐ፡ ከም'ኡ'ውን ኣብ ልዕሊኣንን መራሕተንን ናይ ጸለመ ዘመተታት ክቶዩድ ምርኣይ ልሉይ ቅዲ (ፋሽን) ኮይኑ ኣሎ፡፡

እዚ ኢፍትሓዊ ኣካይዳ ብምቅዋም፡ ኣብ ግዜ ርእሰን ተመርኲሰን ዓበይቲ ሓይልታት ክኾና በቒዐን ዘለዋ ሃገራት ግና ኣለዋ፡፡ ብፍላይ ድማ ቻይና፡ ሩስያ፡ ህንዲ፡ ኢራን. . . ወዘተ፡ ነቲ እንኮ-ቀጽራዊ (Unipolar) ኣካይዳ ዓለም ብምብዳሁ፡

ዓለም እናበረኸ ይኸይድ ብምህላዉ. ከኣ ኣብ ዝሓጸረ እዋን፡ ሸርክነታዊ ኣካይዳ ዝኽተላን ንሓባራዊ ረብሓን መጻኢን ዘገልግላን ዓለማዊ ስርዓት ክውለድ ዘሎ ተኽእሎ እናዓበየ ይመጽእ ኣሎ፡፡ ንኣብነት፡ ሓደ ካብ'ቲ ናብ'ዚ ዘደፋፍእ ዘሎ ዓበይቲ ምትእኽኻባት፡ ንብራዚል፡ ሩስያ፡ ህንዲ፡ ቻይናን ደቡብ ኣፍሪቃን ሒዙ ዝተበገሰን ድሒሩ ንኢማራት ዓረብ፡ ኢራን፡ ግብጺን ካልኦትን ዘጸንበረን ብሪክስ (BRICS) እዩ፡፡

ብኣመሪካ ዝምራሕ ምዕራባዊ ዓለም፡ ጽልዋኡን ተቐባልነቱን ዘንቈልቍል ዘሎ፡ ስለምንታይ'ዩ? ሓያሎ ተንተንቲ ፖለቲካ ከምዝገልጽዎ፡ ኣብ ምምዕባል ንዝርከባ ሃገራት ናብ ዳግመ መግዛእቲ ዘእቱ መንገድታትን ተግባራትን ኣብ ርእሲ ምኽታሉ፡ ካብ ቀጽጸሮም ክወጻ ንዘፍትና/ዝኽእላ ብቀጠባ ብምሕናቕ፡ ከም ፖሊስ ዓለም ክኸውን ብምፍታኑን ንመሰረታዊ መሰላትን



## ሉሚኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 07:30 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 07:35 | ዓለም ስሑጥቡብ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ካብ ዞባታት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ ቀጥታ |
| 14:05 | ዶክመንት |
| 15:50 | ሞዛይክ 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ጸባቐ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ሞዛይክ 2ይ ክፋል |
| 19:25 | እትመሓሰጢተለም |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ቴራብ ቀጥታ |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ፊልም ዘሩባቤል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እንዳ ዝማም |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## VACANCY ANNOUNCMENT

4, Safety Supervisor
Place of work: Embaderho
Number Required: One (01)

Major Duties and Responsibilities
Responsible for the overall occupational health, safety and environmental protection of the project, and guiding HSE engineers.
Formulate the HSE management system of the whole project.
Implement the organization and responsibilities of on-site safety management.
Organize the formulation of quantitative targets for safety building.
Organize the preparation of plans for safety technical measures.
Establish emergency plan for construction sites and system for the investigation and management of hidden dangers in safe construction.
Organize safety education, make safety technical submissions to subcontractors, and keep records, and be responsible for approving construction work permits.
Organize various safety inspections, issue rectification notices to relevant parties and supervise rectification in response to the problems found.
Implement the relevant requirements of HSE management prepared by the Employer, and handle the rectification notice and feedback sent by the Employer.
Organize HSE accident investigation and analysis, and put forward HSE accident analysis and processing report. Organize relevant safety management activities according to the arrangements of the project management office and the requirements of the Employer.
Educational requirements:
BS degree in occupational Health, Safety and Environmental
Valid safety officer certification (at least band C)
Work Experience:
Minimum of 8 years of working experience in construction project
Leadership Experience- Nature & length of time
suite, good presentation, and reporting skills:
Demonstrate good supervisory and leadership skills.
Computer literate and acceptable level of proficiency in MS office
Other skills and abilities:
Ability to work in culturally diverse Working environments.
Fluency in English is required.

5, Administration Manager
Place of work: Embaderho
Number Required: One (01)
MAJOR DUTIES AND RESPONSIBILITIES
Responsible for work covering personnel, administration, translation and logistics.
Responsible for formulating the overall human resources policy of the project, organizing staff recruitment and training, and reviewing the compliance of human resources management.
1.The preparation, summary, issuance and implementation of the company's human resource management system;
2. Employee recruitment, induction training and selection;
3.Formulate and implement the management regulations for salary, performance and welfare appraisal;
Organize the preparation, summary, issuance and implementation of the company's various management systems to ensure the standardized and efficient operation of the project organization.
1.Formulate and strictly implement the construction site attendance, leave, travel, meeting, document management and other management systems;
2.Supervision of major work arrangements and important instructions at the management level; Relevant comprehensive documents arranged by management leaders, drafting of comprehensive meeting reports and conference organization of daily meetings, and collation and issuance of meeting minutes/minutes;
3.Formulate work processes and management systems such as project administrative secretarial and translation, and carry out work planning, organization, coordination and control.
4.Responsible for sending and receiving faxes, letters, letters, contracts, documents, newspapers, magazines, etc., receiving, registering and circulating management, as well as the typesetting, printing and sending of official documents, ensuring the timely transmission of information and materials, supervising and inspecting the normal sending of documents and materials between various departments, and urging relevant departments to handle letters and telegrams that have not yet been replied to.
5.Convey the decisions and instructions of the person in charge of the site, ensure the smooth connection between the internal and external work of the construction site, and coordinate and cooperate with the relevant work between various departments and cooperative units.
Responsible for public relations and internal and external reception
1.Responsible for the reception of guests/visitors inside and outside;
2.Organize important ceremonies, activities and comprehensive meetings;
3.Public relations and its banquet arrangements necessary for the company to carry out its business;
4.Coordination and communication of relevant matters between the company and the Employer, Eritrean government departments, and other companies and partners.
Education
BA degree, human resources management
Work experience:
8 years and above experience in human resources management or administrative management with mining companies or projects
Additional skills and abilities:
Fluency in English is required.
Good communication and interpersonal skill.
Cross-cultural knowledge & experience.

6, Civil Engineer
Place of work: Embaderho
Number Required: Four (04)
MAJOR DUTIES AND RESPONSIBILITIES
Design civil engineering structures.
Prepare a cost estimate for civil designs.
Prepare a construction materials list for implementation of the designs.
Assess and aid in the purchasing process of the civil materials.
Review designs submitted by clients and contractors before implementation.
Good knowledge of computer.
Good knowledge of labor law of the State of Eritrea.
Good knowledge of custom clearance and regulation/s.
Good knowledge of application procedures and regulation/s of immigration and Ministry of Labor and Human Welfare.
Responsible for on-site technical guidance and delivery orders to the foreman, supervising and effectively controlling the labor construction team to complete the construction tasks in accordance with the contract and construction technology standards.
Responsible for providing the operation department daily, weekly, and monthly with the amount of works completed by the labor construction team.
Reasonable arrangement of various large construction equipment, such as cranes, forklifts, excavators, etc... Educational requirements:
BSC in civil engineering
Advanced university degree (Master's degree or equivalent) in civil engineering, road design, or related field;
Work Experience:
At least 10 years of progressive professional experience in road and bridge site.
Have professional knowledge and experience related to design of highways, storm water drainage, and hydrology analysis such as collection and evaluation of climatologic data for drainage design purposes;
Other skills and abilities:
Ability to work well with people.
Physically strong and healthy.
Ability to present information in a consistent, organized and accurate way.
Ability to communicate and work effectively with staff, the Board of Directors, and the public.
Ability to work in a self-directed, organized manner.
Develops clear goals that are consistent with agreed strategies.
Monitor and adjust plans and actions as necessary.
Excellent computer skills – Microsoft Office (Word, Excel and Access), and email.
Ability to function independently in a multi-task environment, as well as part of a team.
Disciplined and able to maintain confidentiality. Address: please mail your application to

Address: please mail your application to
Eritrea-Sichuan Mineral Construction Corp. Ltd.
P.O.Box 4832 Asmara, Eritrea
Mineral Resources
P.O.Box 272 Asmara Eritrea
Note to Non-Eritrean applicants: Please send a copy of your application to
Aliens Employment Permit Affairs
P.O.Box 7940 Asmara, Eritrea

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ውዕሎ ሓሙሻይ መድረኽ ዙር ዞባ ማእከል

### ናታንን ኣስቤኮን ኣይተኻእሉን

ተቐዳዳማይ ክሉብ ኣስቤኮ ናታን መድሃኔ ትማሊ ሓሙስ ዕዉት ሓሙሻይ መድረኽ ዙር ዞባ ማእከል ኮይኑ።

ኣብ መስመር ኣስመራ - ጋሕቴላይ - መትከል ኣቤት - ኣስመራ ዝተኻየደ እዚ መድረኽ፡ 147 ኪሎሜተር ሸፊኑ። ኩሎም ተቐዳደምቲ ካብ ባሕቲ መስከረም ተበጊሶም ብሓባር ክሳብ ባር ደርፎ ድሕሪ ምውራድ ከኣ ስሩዕ ውድድሮም ጀሚሮም። እንትርፎ ሓደ ክልተ ብሽክለታ ዘጥሓሸው፡ ዝተርፉን ዘርክቡን ዝበሩ፡ ዘጠዘሉ ክሳብ ደንጎሎ ብሓባር እዮም ወሪዶም።




ተቐዳደምቲ ናትናኤል ኣማኑኤል ጋንታ ደብብን ናይ ውልቂ ተቐዳዳማይ ኤሽን ምሕረትኣብን ግና፡ ሞሊቖም ብምኻድ ኣብ ከባቢ መትከል ኣቤት ንብዩናም ተጠውዮም ጉልጉል ጋሕቴላይ ብምሕላፍ ዓቐበት ሰብርጉማ ተታሓሒዞም። ኤሽን ግና ድሒሩ ዘልሓጥ ኢሉ።

ኣብ ዓቐብ ደንጎሎ ላዕላይ ኣብ ዝበረት ናይ ዓቐብ ነጥቢ እተኻሰብ ቦታ፡ ናትናኤል ብናይ ኣሰታት ሓደ ደቒቕ ፍልልይ ተዓወተ። ፍልልይ ናብ 58 ካልኢት ድሕሪ ምውራዱ ከኣ ኣብ እምባትካላ ብዙቐዳደምቲ ደንደን ትቕለስ ዝበረት ዓብይ ጉጅለ ተዋሕጠ።

ድሒርም ከኣ ኢሰርም ተሰፋይን ኣሕመድ ዓብደልወሃብን ንበይኖም ተፈልዮም ንዅሲት ሓሊፉ። ኣብ ዓቐብ ሰዩዲቼ ኢሰርም በይኑ ብምድያብ ተዳልዩ ንዝበረት ናይ ዓቐብ ነጥቢ ተዓወተሉ። ንሱ'ውን ድሒሩ ብዓብይ ጉጅለ ተዋሕጠ።

ኣብ ብሎኮ ቤት ገርግሽ ኣብ ዝተጉበረ ቅጽበታዊ ውድድር ከኣ ኣባል ኣስቤኮ ናታን መድሃኔ ንናይ ውልቂ ተቐዳደማይ ህያብ ሃብቶምን ናይ ደንደን ዓወት ኣማኑን ረቲዑ - ብ4 ሰዓት፡ 9 ደቒቕን 6 ካልኢትን ቀዳማይ ኣትዩ።

በዚ ወጽኢት፡ ኣብ ሓፈሻዊ ግዜ፡ ናታን - ብ18 ሰዓት፡ 24 ደቒቕን 2 ካልኢትን ብጫ ማልያ ለቢሰዋ ኣሎ።




ብ25 ነጥቢ ንማልያ ኣንበሳ ዓቐበ'ውን ወኒንዋ ይርከብ - ናታን። ዓወት ኣማኑ ብ22 ነጥቢ ይስዕቦ። ንናይ ሾኣ ቀጠልያ ማልያ፡ ሚልኪያስ ማእከለ - ኣስቤኮ፡ ብ26 ነጥቢ ወደዩዋ ይርከብ። ወዲ ጋንታኡ ኑርኣሕመድ ዓብደልወሃብ 25 ነጥቢ ኣኪቡ ይኽተሎ።

ንኽለን ማልያታት ብዙቐዳደምታ ወኒናተን ዘላ ኣስቤኮ - ብ55 ሰዓት፡ 16 ደቒቕን 58 ካልኢትን መሪሐት ኣላ። ደንደኑ 15 ደቒቕን 32 ካልኢትን ድሒራ - ካልኣይቲ ኮይና ትስዕብ።

እዚ ውድድር፡ ጽባሕ ኣብ ሻዱሻይ መድረኹ ናይ ውልቂ ናይ ግዜ ውድድር ኣብ መስመር ማይ ደምነት በለዛ ማይ ደምነት ክካየድ እዩ።

## ፊጎ፡ ብዛዕባ ኤል ክላሲኮ . . .

ናይ ቅድም ተጻዋታይ ባርሴሎናን ሪያል ማድሪድን - ሉዊስ ፊጎ፡ ማድሪድ፡ ኣብ ናይ ጽባሕ ጸወታ ኤል ክላሲኮ ክትዕወተሉ ዝዓሸ ግምት ከምዘወሃባ ገሊጹ።

ፊጎ "ክላሲኮ፡ ኩሉ ግዜ ዘይትግምቶ ጸወታ እዩ። ኩሉ ሰብ ክሰዕሮ ዝደሊ፡ ብዙሕ




ሀልኽን ቃልሲን ዘለዎ ጸወታ እዩ። ዝኾነት ጋንታ ከመይ ዓይነት ብቕዓት ሒዛ መጺኣ ኣየገድስን እዩ፡ ምኽንያቱ እቲ ወጽኢት ዘይትጽበታዊ ብምዃኑ። ማድሪድ፡ ቀሩብ ሓሊፉ ኣለዋ፣ ምኽንያቱ ኣብ ሜዳኣ እያ ክትጻወት። ብዓብኡ ኸኣ ፍልልየም ከጸብቡ እንተኾይኖም ክዕወቱ ኣለዎም።" ኢሉ። 24 ነጥቢ ኣኪባ ዘላ ማድሪድ፡ ብሰለስተ ነጥቢ ድሒራ ኣላ - ካብ መራሒት ባርሳ።

ብቕዓት ናይ'ታ ንጉዳም ኣጥቃዓይ ሮበርቶ ለዋንዶውስኪን መንእሰያት ተጻወትቲን ኣላፊና ትጻወት ዘላ ባርሳ ኣብ ዝተሓተተሉ ከኣ "ምትሕውዋስ እዩም ተመክሮ ዘለዎም ምስ'ቶም ብሉጻት መንእሰያት ተጻወትቲ፡ ኣብ ከነሶ እግሪ ኣጉዳሲ እዩ። ከምኡ እንተዘይገይርካ ብቕዓት ኣይህልወካን። ለዋንዶውስኪ ከኣ ኣብ ምሉእ ናይ ጸወታ ግዜኡ ዝተመኩሮ እዩ ዝዋም ዘሎ።" ኢሉ - እቲ ፖርቱጋላዊ።

ካብ 1995-2000 ንባርሴሎና ዝተጻወተ ፊጎ፡ ካብዚ ጋንታ ብቐጥታ ናብ ሪያል ማድሪድ ብምስጋር፡ ክሳብ 2005 ማልያ ማድሪድ ምልባሱ ይዝከር።

## "ንሕና ዝበለጽና ክለብ ዓለም ኢና" ያማል

ኣጥቃዓይ ባርሴሎና ላሚን ያማል፡ ድሕሪ'ቲ ረቡዕ ምሸት ንባየር ሙኒክ ዝሰዓረሉ ናይ ሻምፕዮንስ ሊግ ጸወታ፡ ኣብዚ እዋን ኣብ ዓለም እታ ዝበለጸት ክለብ ሂኪጾም ከምዝለዉ እምነቱ ገሊጹ።

ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ላ'ሊጋ ንሴቪያ 5ብ1 ዝሰዓረታ ባርሳ፡ ብቕድሚ ትማሊ ንባየር ሙኒክ 4ብ1 ብምርታዕ፡ ኣብ ክልተ ግጥማት ትሸዓተ ሸቶታት ብምቍጻር፡ ብሉጽ ቁመና ሂኪጻ ምህላዋ ኣመስኪራ። ብፍላይ ንዓርሞሸሽ ጀርመናዊት ክለብ ባየር ሙኒክ ብኸምዚ ውጽኢት ከተሰንፉ ብምኽኣሎም ብበዙሓት ወገናት ተመጉሶም። እዛ ጋንታ፡ ጽባሕ ቀዳም እውን ከቢድ ጸወታ ይጸበያ ኣሎ - ኣንጻር'ታ ቀንደኛ መቐናቕንታ ዝኾነት ሪያል ማድሪድ ናይ 'ኤል ክላሲኮ' ግጥም ክተካይድ እያ።

ኣብታ ጸወታ ሓንቲ ናይ ሽቶ ዕድል ዝሃንደሰ ያማል፡ ብዛዕባ'ዛ ጸወታ ክዘረብ እንከሎ፡ "ቅድሚ ናይ



ኤል ክላሲኮ ጸወታ፡ ድሮ ኣዚና ርእሰ ተኣማንነት ኣሕዲርና ኣለና። ንሕና እታ ዝበለጸት ክለብ ዓለም ምዃንና ኢና እንኣምን፣ ከም ዝመስለኒ ከኣ ኣረጋጊጽናዮ ኢና። ምስ ኩሉ ሓይልና ክንጻወት ኢና፣ ዝበለጸት ጋንታ ድማ ክትዕወት እያ።" ክብል፡ ነዛ ጸወታ ብርእሰ ተኣማንነት ከምዝኣትውዋ ገሊጹ።

27 ነጥቢ ኣኪባ ንማድሪድ ብሰለስተ ነጥቢ በሊጻ መሪሕነት ላ'ሊጋ ሒዛ ዘላ ባርሳ፡ ዛጊት እተርእዮ ዘላ ብቕዓት፡ ብዙሓት ፍርያት ኣካዳሚኣ ዝኾኑ ተጻወትቲ እናጸምበረት ተዀስኵሶ ብምህላዋ እያ ፍሉይ ዝኾነ። ንሙኒክ ኣብ ዝሰዓሩሉ ግጥም፡ ሽዱሽተ ተጻወትቲ ፍርያት እቲ መሰልጠኒ ማእከል ዝኾኑ - ያማል፡ ሓላዊ ልዳት ኢናኪ ፐኛ፡ ኣለሃንድሮ ባልደ፡ ፓው ኩባርሲን ፈርሚን ሎፐዝን ኣብ ቀዳሞት 11 ኣሰሊፉ። ኣልሞ፡ ጋቪን ፋቲን ከኣ ቀይራ ብምእታው ተሳትፎ ኣብጺሖም።

እዛ ካታሎናዊት ጋንታ፡ እንተላይ ክብረወሰና ንምዕቃብ እያ ናብዚ ጸወታ ክትኣቱ፡ ባርሳ ኣብ 2018 ብኢርነስቶ ቫልቨርደ እናተኣለየት እንከላ ኣብ 43 ናይ ሊግ ግጥማት ከይተሳዕረት ብምጕዓዝ 'ናይ ኩሉ ሳዕ ዝነውሐ ናይ ዘይተሳዕርነት ጉዕዞ ላ'ሊጋ' ዝብል ክብረወሰን ሒዛ ትርከብ። ጽባሕ እትገጥማ ሪያል ማድሪድ፡ ዛጊት ኣብ 42 ግጥማት ከይተሳዕረት ትጓዓዝ ብምህላዋ ከኣ ምስኣ ንኸይትመዓራረ ባርሳ ክትሰዕራ ክትጽዕር እያ። ምናልባት እንተዘይረቲዓታ፡ ማድሪድ፡ ዝመጽእ ሰሙን - ቀዳም 2 ሕዳር ንቫለንሺያ ስለእትገጥም፡ እቲ ክብረወሰን ናብ 44 ክብ ኣቢላ ናይ ብሕታ ክትገብሮ ክትክእል እያ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ነዛ ጋንታ ናብ ናይ ቅድም ክብራ ዝመልሳ ዝመስል ዘሎ ዓላሚ ሃንሲ ፍሊክ፡ ኣብታ ምሸት ሓደ ኣርእስቲ ሰሪሑ። ፍሊክ፡ ኣብ 2020 ንባየር ሙኒክ እናዓለመ እንከሎ፡ ንባርሴሎና ኣብ ስታድዮም ሊዝበን ኩሉ ስፖርትስ ተጓዒዙ 8ብ2 ሰዒሩዋ ነይሩ። ብቕድሚ ትማሊ ከኣ ንባርሳ ሒዙ ኣብዚ ስታድዮም ንሙኒክ 4ብ1 ብምስዓር ፍሉይ ኣርእስቲ ሰሪሑ።

## ሪያል ማድሪድ፡ ዘይምህላው ሮድሪጎ ወግዓዊ ገይራ

ህላወኡ ኣብ ጸወታ ኤል ክላሲኮ ኣጠራጣሪ ዝጸንሐ ኣጥቃዓይ ሪያል ማድሪድ - ሮድሪጎ፡ ካብቲ ዓቢ ጸወታ ከምዝበኩር፡ እታ ጋንታ ትማሊ ኣብ ዘውጽኣቶ መግለጺ ኣፍሊጣ።




ንዶርትሙንድ 5ብ2 ኣብ ዝሰዓሩሉ ጸወታ ኣብ የማናይ ሰለፉ ናይ ጭዋዳ ጸገም ዘጋጠሞ ሮድሪጎ፡ ትማሊ ንምህ ድሕሪ ዝገበሮ ተወሳኺ መርመራ እዩ ካብ ጸወታ ከምዝበኩር ተረጋጊጹ። ዋላ'ኳ ብንጹር ክሳብ መዓስ ካብ ጸወታ ክእለ ምኽኑ ኣይገለጸ፡ ንኣስታት 20 መዓልታት ካብ ሜዳ ክርሕቕ ከምዝኽእል ግና፡ ምንጪታት ይሕብሩ። ከምኡ እንተኾይኑ፡ ክሉ ኣብ ላ'ሊጋ ምስ ቫለንሺያን ኦሳሱናን፣ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ከኣ፡ ሰሉስ 5 ሕዳር ንኤሲ ሚላን ዓዲማ ኣብ እተካይዶ ግጥም ክበኩር እዩ።

ማድሪድ፡ ንቐዳማይ ሓላዊ ልዳታ ቲቦት ኩርቱዋ'ውን፡ ኣብ ዝርዝር እቶም ኣብ ናይ ተሃድሶ ግዜ ዘለዉ ተጻወትታ ከምዝጠቕሰቶ ይግለጽ።

# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## ሕዝቦላህ፡ 'ኣብ ቴል-ኣቪቭ ወተሃደራዊ ፋብሪካ ወቒዕ' ይብል



ሊባኖሳዊ ምንቅስቓስ ሕዝቦላህ፡ ኣብ ከተማ ቴል-ኣቪቭ - እስራኤል ንዝርከብ ወተሃደራዊ ፋብሪካ ብሚሳይል ከምዝወቕዐ ሓቢሩ።

እቲ ብኢራን ከም ዝድገፍ ዝንገረሉ ወተሃደራዊ ምንቅስቓስ፡ ትማሊ ሓሙስ ዝወንጨፎ ኣርባዕተ ሚሳይል፡ ኣብ ወሰን ከተማ ቴል-ኣቪቭ ንዝርከብ ወተሃደራዊ ትካል ብምህራም፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ትካል ከቢድ ዕንወት ከምዝወረደ ገሊጹ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል እስራኤል ነቲ መጥቃዕቲ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ክልተ ካብ'ቲ ዝተወንጨፈ ሚሳይል ከምዝበርዓነ ብምሕባር፡ እቲ ዝተረፈ ክልተ ሚሳይል ግን ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ከምዝወደቐ ኣመልኪቱ።

እንተኾነ በቲ መጥቃዕቲ ኣብ ባዕታ ንዝወረደ ዕንወት ይኹን ጉድኣት ብዝምልከት ዛጊት ዝሃቦ ሓበሬታ የለን።

እቲ መጥቃዕቲ ሕዝቦላህ ዝሓለፈ ረቡዕ ንእስራኤል ንምጥቃዕ ሓዲሽን ዝተራቐቐን ሚሳይል ከምዝተጠቀመ ድሕሪ ምጥንቃቑ ሰዓብ'ዩ ዝፍጸም ዘሎ።

## ደቡብ-ኮርያ - ኣብ ቀጽሪ ፕረዚደንታዊ ህንጻ ጉሓፍ ዝመልአ ፋሕኛታት ዓሊቡ

ካብ ሰሜን ኮርያ ከም እተበገሰ ዝተገልጸ ጉሓፍ ዝመልአ ሓያለ ፋሕኛታት፡ ኣብ ቀጽሪ ቤት-ጽሕፈት ፕረዚደንት ደቡብ-ኮርያ ከምዝዓለበ፡ ማዕከናት ዜና'ታ ሃገር ኣቃሊሐን።

ሰሜንኮርያ፡ ኣብዚ ወርሓ'ዚአ ጥራይ ንኻልኣይ ግዜአ ጉሓፍ ዝመልአ ባሉናት ናብ ቀጽሪ ቤት-ጽሕፈት ፕረዚደንት ደቡብኮርያ ከምዝለኣኸት ዝጠቐሰ ኣገልግሎት ጸጥታ ሰሉ፡ እዚ ናይ ሕጂ ፋሕኛታት ዝኾነ ሓደገኛ ነገር ከምዘይተረኽቦ ኣረዲኡ።

ብመሰረት ጋዜጣታት ደቡብኮርያ፡ ንፕረዚደንት የዑሶክዩልን ብዓልቲ-ቤቱን ዘጽቢዋ፡ ፕሮፓጋንዳዊ ትሕዝቶ ዘለዎም ወረቓቕቲ ኣብ ውሽጢ'ቶም ፋሕኛታት ተረኺቦም።

ሰሜንኮርያ፡ ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ግንቦት ንደሓር ጥራይ ዛጊት ልዕሊ 15 ቶን ዝምዝን ጉሓፍ ዝጸረ ኣሽሓት ፋሕኛታት ናብ ደቡብኮርያ ከምዝለኣኸት፡ ጸብጻባት ይሕብሩ።

እታ ሃገር ኣቐዲማ ናብ ደቡብ ኮርያ ዝለኣኸቶ ጉሓፍ፡ ኣብ ጥቕሚ ዝወዓለ ናይ ዓይኒ-ምድሪ ወረቓቕቲ፡ ኣረጊት ጨርቀ-መርቂ፡ ዝተሸኸ ሽጋራታትን ፕላስቲካትን ምንባሮም ድማ፡ እቶም ጸብጻባት ወሲኾም ይጠቕሱ።

መራሒ ደቡብኮርያ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ስለ ብዝተግበራት ሰሜን ኮርያ ከምእተቓጥዐ ብምግላጽ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ሃገሩን ሰሜንኮርያን ኣብ 2018 ዝተኸተመ ወተሃደራዊ ስምምዕ ከምዝሰረዞ ይዝከር።

ኣብ መንጎ ክልተአን ኮርያታት ተኸሲቱ ዘሎ ወጥሪ እናኸረረ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን፡ ፕዮንግያንግ ነቲ ንኽልተአን ዝራኽብ ጽርግያታት ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ መዓልታት ከምዝዐነወቶ ኣይርሳዕን።



## ቁጠባዊ ውድብ 'ብሪክስ' ንእገዳ ምዕራባውያን ኮኒኑ

ቁጠባዊ ውድብ 'ብሪክስ'፡ ነቲ ብሃገራት ምዕራብ ዝውሰን ዘሎ ዘይሕጋዊ እገዳታት ኮኒኑ።

እተን ኣብ ከተማ ካዛን - ሩሲያ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ዋዕላ 'ብሪክስ' ዝሳተፋ ዘለዋ ኣባላት ናይቲ ውድብ፡ ሃገራት ምዕራብ ፖለቲካዊ ረብሓታተን ንምምላእ ክብላ ንኻልኦት ሃገራት ዘናኽም ዘይሕጋዊ እገዳታት ይእውጃ ከምዘለዋ ከሲሰን።

ኣባላት 'ብሪክስ' ብዘውጸኣ፡ ምዕራባውያን ሃገራት ዝእውጅኦ ዘለዋ ዘይሕጋዊ እገዳታት፡ ኣብ ቁጠባ ዓለም፡ ኣብ ዓለምለኻዊ ንግዲ፡ ኣብ ምምቕራሕ መግቢ፡ ጥዕናን ጸዓትን ኣሉታዊ ተራ ይጻወት ከምዘሎ'ውን ሓቢረን።

ኣብ መወዳእታ እተን ሃገራት፡ ብእገዳ ምዕራባውያን ከይተጸልዋ ኩሉመዳያዊ ዝምድናአን ንምድንፋዕ ሓቢረን ከምዝሰርሓ ኣረጋጊጸን።




ብመሰረት ጸብጻባት፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን መሻርኽታን ኣብ ልዕሊ ፌደረሽን ሩሲያ ሓያሎ እገዳታት ክእውጃ እንከለዋ፡ ኣብ ባንክታተን ንዝርከብ ኣስታት 300 ቢልዮን ዶላር ሕሳባት ናይታ ሃገር ድማ ኣይሰከለናአ ኣለዋ።

ንብራዚል፡ ሩሲያ፡ ህንድን ቻይናን ሓቑፉ ኣብ 2009 ዝተመስረተ ቁጠባዊ ውድብ ብሪክስ፡ ኣብ 2011 ንደቡብኣፍሪቃ፡ ኣብ ፈለማ 2024 ድማ ንኢራን፡ ግብጺ፡ ሕቡራት ኢማራት ዓረብን ኢትዮጵያን ከምዝጸንበረ ይፍለጥ።

## ሓማስ፡ መንነት ሓዲሽ መራሒኡ ብምስጢር ይሕዝ

ዕጡቕ ጉጅለ ሓማስ፡ ኣብ ዝመጽእ ወርሒ መጋቢት ሓዲሽ መራሒ ክረቍሕ ከምዝወስን ብምሕባር፡ መንነቱ ግን ብምኽንያት ጸጥታ ብምስጢር ከምዝተሓዝ ኣፍሊጡ።

ተወሲኑ ዘሎ ዕለተ ምርጫ ክሳብ ዝኣክል፡ ሓማስ ንምዝኡ ብሓሙሽተ ኣዘዝቲ ብዝቖመት ኮሚቴ ከምዝምራሕ ድማ፡ ኣፈኛ ናይቲ ጉጅለ ገሊጹ።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሓምለ፡ ላዕለዋይ ፖለቲካዊ መራሒ ሓማስ ዝነበረ እስማዒል ሃኒያ ኣብ ቴህራን - ርእሰ ከተማ ኢራን ብእስራኤል ድሕሪ ምቕንጻሉ፡ ያሕያ ሲንዋር ንብታኡ ተኪኡ ነቲ ጉጅለ ክመርሖ ከምዝጀመረ ይዝከር።

እንተኾነ፡ ያሕያ ሲንዋር እውን ዝሓለፈ ዓርቢ ብእስራኤል ድሕሪ ምቕታሉ፡ ሓማስ ብዘይ መራሒ ተሪፉ ምህላዉ'ዩ ክሕበር ጸኒሑ።

እዛ ሕጂ ብሓሙሽተ ኣባላት እትቖውም ኮሚቴ፡ ንኹሉመዳያዊ ስርሓትን ምንቅስቓሳትን ሓማስ ሓቢራ ከምእትውስኖ፡ እቲ ኣፈኛ ወሲኹ ኣመልኪቱ።



ያሕያ ሲንዋር፡ ቀንዲ ሃንዳሲ ናይቲ ብ7 ጥቅምቲ 2023 ኣብ ደቡባዊ ክፋል እስራኤል ዝተኻየደ - ህይወት 1200 ሰባት ዝቐዘፈ መጥቃዕቲ ምኻኑ እያ እስራኤል ክትከስስ ጸኒሓ።

በዚ ኸኣ ንሲንዋር 'ኣሸባሪ' ብምባል፡ ኣብ ዝሓጸረ እዋን ክትጥፍኦ ምኻና ክትፍክር ጸኒሓ።

ሓማስ ኣንጻር እስራኤል ዘካይዶ ዘሎ ኩናት ደው ከምዝብሎ ብምሕባር፡ እስራኤል ኣብ ኣብያተ-ማሕቡስ ዳጉናቶም ዝርከቡ ፍልስጤማውያን ከይፈትሓቶም ወተሃደራታ ካብ ወሽመጥ ቓዛ ጠቕሊላ ከየውጽኣቶም ኣዲቶም ዩ ጀሆ ሒዝዎም ዘሎ 100 እስራኤላውያን ናጻ ከምዘይለቕቆም'ዩ ዘፍልጥ።

## ቱርኪ፡ ንዒላማታት 'ፒከይ-ከይ' ደብዲቡ

መንግስቲ ቱርኪ፡ ሰራዊት ሃገሩ ኣብ ልዕሊ'ቲ ኣብ ሶርያን ዒራቕን ዝርከብ ስፍራታት ዕጡቓት ተቓወምቲ (ፒከይ-ከይ) ናይ ኣየር መጥቃዕቲ ከምዘካየደ ኣፍሊጡ።

እቲ መንግስቲ፡ በቲ ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ከተማ ኣንካራ - 'ቲኢያኢይ' ኣብ ዝተሰምየ ኢንዱስትሪ ኣፈርቲ ዝተፈጸመ ግብረ-ሽበራዊ መጥቃዕቲ፡ ዕጡቕ ጉጅለ ፒከይ-ከይ ተሓታቲ ምኻኑ ድሕሪ ምኽሳስ'ዩ ነቲ ስጉምቲ ወሲዱ።

በቲ ዛጊት ዝኾነ ወገን ሓላፍነት ዘይወሰደሉ ዘሎ - ብኽልተ ዕጡቓት (ወድን ጓልን) ዝተፈጸመ ግብረ-ሽበራዊ መጥቃዕቲ፡ ብውሑዱ 5 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ካልኦት 22 ሰባት ድማ ከምዝቖሰሉ እዩ ዝሕበር ዘሎ።

ሰራዊት ቱርኪ ከኣ፡ ከም ግብረ-መልሲ ናይቲ ዝተፈጸመ ኣሰቃቒ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ሶርያን ዒራቕን ንዝርከብ 32 ዒላማታት እቲ ዕጡቕ ጉጅለ ምሉእ ብምሉእ ከምዘይምሰሶ፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል ቱርኪ ሓቢሩ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ 'ቲኢያኢይ'፡ ንወተሃደራውን ንግዳውን መዓላ ዘገልግላ ኣፈርቲ ዝፈርያሉ - ኣብ ኢንዱስትሪ ኣፈርቲ ቱርኪ ዓቢ ተራ ዝጻወት ትካል እዩ።

ካብ 1980 ኣትሒዙ ኣንጻር መንግስቲ ቱርኪ ዝቃለስ ዘሎ ዕጡቕ ጉጅለ ፒከይከይ፡ ብቱርኪ፡ ብሪጣንያን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን 'ግብረ-ሽበራዊ' ተባሂሉ ኣብ ጸለም መዝገብ ሰፊሩ ይርከብ።





| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ማይ ጃሕጃሕ | 25/10/24 | ጎደና 173-18 ቁ.21 ከባቢ ማይ ጃሕጃሕ ጥቓ ህዝባዊ ቤት ንባብ | 127582 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services